# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 361 | 27 ነሓሰ 2014 | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ረቡዕ



ገጽ 3
"ኣብሪ ብስማይ ዱብ ምስ በሉ . . ."



ገጽ 4
ዓሻ ዓሊናር - ቅድሚ ገድሊ፣ ኣብ ገድልን ድሕሪ ገድልን

ገጽ 5
ሰብዳ ሕማም ኢቦላ



ገጽ 9
ንእሽቶ ኤርትራ ኣብ ሽወደን

ገጽ 10
ሀልኽ ኣገዳሮን ሮኖን




# ብዙሕነትን ጽባቐን ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ከምዝመሰጦም፡ ወጻእተኛታት ተዓዘብቲ ፈስቲቫል ኤርትራ ገሊጾም



ስ/ሳልሕ ዓብደልቓድር

ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ 2014 ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ ብሓፈሻ፡ ብዙሕነትን ጽባቐን ባህሊን ስነ-ጥበባትን ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቕ መሰናድኣታት ደማ ብፍላይ ጦብላሕታ ከምዝሕደረሎም፡ ዜጋታት ዝተፈላለያ ሃገራት ገሊጾም።

እቶም ወጻእተኛታት ኣብ ሓበሬታኦም፡ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ፡ ኣዘናጋዒ፡ መሃሪን ናይ ምግባር ድርኺት ዝፈጥርን ከምኡ'ውን ንኩሉ ክሊ ዕድመን ጾታን ኣብ ግምት ዘእተወ ብምዃኑ ፍሉይ ተሞክሮ ከምዝፈጠረሎም ብምግላጽ፡ እዚ ድማ ኣብ ውሑዳት ሃገራት ዝርከብ ፍሉይ ጸጋ ከምዝኾነ ኣረዲኦም።

ኣየርላንዳዊ ማይክ ኬሊ፡ ቀሪቡ ዘሎ ስእላዊ ይኹን ካልእ ትሕዝቶ ትካላትን ዞባታትን ኣዝዩ ከምዝመሰጦ፡ ብፍላይ ድማ ንጽላት ዕደና ዘንጸባርቕ መደብት ንበዓሀ መጻኢ ኤርትራ ኣብ'ቲ ጽላት ዘርኢ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ እቲ ፌስቲቫል ብዙሓ ህዝቢ ኤርትራን ክብርታቱን ብሓፈሻ፡ ብሄራት ደማ ብፍላይ መሰረታዊ ኣፍልጦ ክጥሪ ከምዝሓገዞ ሓቢሩ።

ቻይናዊ ዶክተር ሁ ችያኦ ብወገኑ ብዙሓ ፌስቲቫል ኤርትራ ካብ ካልኦት ቻይናውያን ኣቕዲሞም ዝሰምዖኳ እንተኾነ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ኣትሒዙ ተኻፊሊ ክኸውን ብምብቅዑ ሓጎስ ከምዝሰመዖ ብምግላጽ፡ ቅድሚ ሕጂ ብሓበሬታ ጥራይ ዝፈልጠን ዝበረ ብሄራት ኤርትራ፡ ብዝዕባ ኣነባብራኦን ባህሎን ልምድን ካልእን ብምዕዛብ ከለልዮን ከምዝኸኣለ ኣረዲኡ።

ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ሱዳንን ብዙሕ ተመሳሳልነት ከምዘሎ፡ በዚ ፌስቲቫል ከምዝተረድኡ ዝሓበሩ ሱዳናውያን ዑስማን ሰይድ-ዓሊን ዘብይዳ ሃሽምን ብወገኖም፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዘውንኖ ጋሻ ናይ ምኽባር ባህሊ ኣድኒቖም።

ሱዳናውያን ማልክ ዑስማንን ዘይኑብ ነጅመዲንን ድማ፡ ንሕጻናት ኢሎም ኣብ ዝመጽሉ ከምዚ ዓይነት ድሙቕ መደባት ምርካቦም፡ ንኦበሶም ከም ዕድለኛታት ከምዝቖጽርዎ ገሊጾም።

# ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ደም ለጊሶም

ከም ወጽኢት ናይቲ ወሰንታዊ ልግሲ ደም ንምትብባዕ ክኻየድ ዝጸንሐ ጻዕሪ፡ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ "ብዘተኻእ ደም ዘይትትካእ ሂወት ነድሕን" ብዝብል ቴማ ብ20 ነሓሰ ደም ለጊሶም።

ዝካየድ ዘሎ ኣስፋሕ ኣብ ምብራኽ ኣፍልጦን ንቕሓትን ሕብረተሰብ ዓቢ ተራ ይጻወት ከምዘሎ ዝሓበረ ኣባል ባንክ ደም ኣቶ ሃይለ ክፍለየሱስ፡ ዝተዓቀበ ውሑስ ደም ሂወት ኣብ ምድሓን ዘለዎ ረብሓ ብምግንዛቡ፡ ብደረጃ ሚኒስትሪታትን ንኡሳን ዞባታትን ተወዲቡ ዝካየድ ልግሲ ደም ብዘተዓጻጸፈ ክቕጽል ኣዘኻኺሩ።

ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝወሰድዎ ተበግሶ፡ መቕጸልታ ናይ'ቲ ኣባላት ካልኦት ትካላት በብግዜኡ ክካይድዎ ዝጸንሑ ልግሲ ምዃኑ ዝሓበረ ኣቶ ሃይሉ፡ ደም ምልጋስ ረብሓኡ ንኩሉ ምዃኑ ብምምልካት፡ ዝተወጠነ መደባት ንኽዕወት፡ ሚኒስትሪታት፡ ትካላት መንግስትን ካልኦት ትካላትን ብንጥፈት ክዋስኡ ጸዊዑ።

ካብ'ቶም ለገስቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ዝወሰድዎ ተበግሶ ናይ ሕልና ዕግበት ከምዝፈጠረሎም ብምግላጽ፡ ብቐጻሊ መደባት ልግሲ ደም ብምዕዋት ሂወት ንምድሓን ክሰርሑ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።



ስ/ርቢል ዳዊት

# ንጥፈታት ስፖርት ንኡስ ዞባ በረኽ ንምሕያል ዝሕግዝ ዋዕላ ተቓኒዑ



ስ/ፍ.ያሜት መስፉን

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ በረኽ ዘቐይድ ስፖርታዊ ንጥፈታት ንምሕያል ዝዓለሙ ክርትን ወከንቲ ትካላትን ዝተሳተፍዎ ዋዕላ ብ24 ነሓሰ ኣብ ኣዳራሽ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ተቓኒዑ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ በረኽ ወይዘሮ ልኡል ኣስራት ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ስፖርት ህዝብውን ኮማውን ስረት ሒዙ ንኽቕጽል ንቕሓትን ተራን ህዝቢ ክብ ንምባል ክስራሓሉ ከምዝኾነ ብምሕባር፡እቲ ዋዕላ ኩነታት ስፖርት'ቲ ንኡስ ዞባ ብምግምጋም ንዝበለጸ ስራሕ ንምብጋስ ክሕግዝ ዘለዎ ጽንዑ እምነት ገሊጻ።

ወይዘሮ ልኡል ኣስዒባ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ተወዳደርትን ብቑዓትን መንእሰያት ንምፍራይ ኩሎም ኣካላትን ኮሚቴታት ስፖርትን ብዝሓየለ ክሰርሑ፡ ወለዲ ድማ ደቆም ንምትብባዕ ክካይድዎ ዘጸንሑ ንጥፈታትን ናብዮትን ብዘለዓለ ክቕጽልዎ ኣዘኻኸሩ።

ኣቦመንበር ስፖርት ኣብ ንኡስ ዞባ በረኽ ኣቶ ረዘነ ጸወለሰ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣስታት 260 ስፖርታውያን መንእሰያት ከም'ኡ'ውን 659 ኣብ ግራስሩት ዝሰልጠኑ ቆልዑ ከምዘለዉ ብምምልካት፡ ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ዓይነት ስፖርት ገምሸገን ከምዝነበረ፡ እዚ ድማ ወጽኢት ናይቲ ወለድን ስድራቤት ስፖርታውያንን ዘቐደዎ ጻዕሪ ምዃኑ ኣንጺሩ።

ሓያላት ተወዳደርቲ ስፖርተኛታት ንምፍራይ ኣብ ዝሰላሰል ስራሕ፡ ኣበርክቶ ህዝቢ ብሓፈሻ ሰብ ጸጋ ድማ ብፍላይ ቀሊል ከምዘይኮነ ዝጠቐሰ ኣቶ ረዘነ፡ ኣድማዒ ስራሕ ዘለዎ ስፖርት ህጻናትን መንእሰያትን ንምምዕባል፡ ሞራላውን ገንዘባውን ደገፍ ክበርኽ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ምምዕባል ስፖርት ኣብ ንቕሓት ህዝቢ ከምዝምርኮሰን ስፖርት ኣብ ህንጻት ጥዑይ ወለዶ ዘለዎ ኣስተዋጽኦ ልዑል ምዃኑን ብምግንዛብ፡ ንመማዕበሊ ስፖርታዊ ንጥፈታት ናይቲ ንኡስ ዞባ ዝውዕል ኣስታት 200 ሽሕ ናቕፋ ኣወፍዮም።

# ዞባ ሰ/ቀይሕ ባሕሪ፡ ምዕሩይ ዝርግሐ ትካላትን ሰብ ሞያ ጥዕናን ንምውዳድ ዝካየድ ጻዕሪ ጽቡቕ ውጽኢት ይርከቦ ኣሎ

ጥዕና ዜጋታት ንምውሓስ ብዝቐየድ ዝሎ ጻዕሪ፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ምዕሩይ ዝርገሐ ትካላትን ሰብ ሞያ ጥዕናን ንምርግጋጽ ዝሰላሰል ዘሎ ስራሕ ጽቡቕ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ፡ ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና'ቲ ዞባ ዝተረኸበ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ፡ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ኣዝዩ ድሩት ከባቢታት ጥራይ ተሓጺረን ዝነበራ ኣዝዮን ውሑዳት ትካላት ጥዕና፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ብቑጽርን ዓይነትን ይምዕብላ ከምዘለዋ ጠቒሱ፡ ንኸሊ'ሞ ራሕቂ ቦታ፡ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ሰፈኩ-ሳዋማዊ መነባብሮን ኣብ ግምት ዘእተዋ ኣስታት 60 ትካላት ጥዕና ተኺጸን መሰረታዊ ኣገልግሎት ይህባ ከምዘለዋ በሪሁ።

ምጅማር ህንጻት ማእከል ጥዕና ባዱ፡ ጽገና ማእከል ጥዕና እማህሚሙ፡ ምውሳኽ ብዙሒ ሓካይምን ምጅማር ህንጻት መደበር ጥዕና ቅሮራ ኣብ ሓደሽ ቦታን፡ ካብቲ ኣብዚ ዓመት'ዚ ዝተዓመ ዓብይቲ መደባት ምዃኑ ዝጠቐሰ'ቲ ሓበሬታ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኣፈራሳይሉ፡ እምባትካላን ዔላ-ባቡን ሓደስቲ ትካላት ጥዕና ክህነጻ ምዃነን ኣነጺሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንጥፈታት ምቁጽጻርን ምክትታልን ተመሓላለፍትን ለቦዳውን ሕማማት፡ ክትትል ቅድምን ድሕርን ሕርሲ፡ ሽፈነ ክታበት፡ ክትትል ኣደን ህጻንን፡ ወህድ ፍወሳ ሕማማት ህጻናት፡ ምዕባይ ቀረብ መድሃኒትን ናውቲ ሕክምናን፡ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ምብራኽ ኣበርክቶ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ፡ ካብቶም ብዕቱብ ተታሒዞም ዝዕመሙ ዘለዉ ንጥፈታት ከምዝኾኑ ክጥቀስ እንከሎ፡ ዛጊት ተጨበጥም ዘለዉ ዓወታት፡ ደምር ወጽኢት ልዑል ተወፋይነት ሰብ ሞያ ጥዕናን ዝተኻየደ ናይ ስልጠና መደባትን ምዃኑ ተፈሊጡ።

ብኻልእ ወገን፡ እቲ ዞባ ብባሕርን መሬትን መዓውብቲ ሃገራት ስለዝለዉ፡ ለቦዳዊ ሕማማት ንምግታእ ሓያል ናይ ምቁጽጻር ንጥፈታት ከምዝቐየድ፡ ንፍዮን ፖሊዮን ንምቁጽጻርን ንምጥፋእን ዝተኻየደ ጻዕሪ ዘተባብዕ ወጽኢት ከምዘተረኽበ፡ ኣብ ከባቢናን ኣህጉርናን ዝኸሰት ዘይንቡር ተርእዮታት ሕማማት ኣብ ምክልኻልን ምቁጽጻርን እትሰርሕ ኮሚቴ ድማ ቁይማ ከምዘላ፡ እቲ ሓበሬታ ወሲኹ የመልክት።

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓደ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል፡ 3 ሆስፒታላት፡ 11 ማእከላት ጥዕና፡ 26 መደበራት ጥዕና፡ 11 ንቑጠባታት ጥዕና፡ 5 ክሊኒካትን ሓንቲ ማእከል ክንክን ኣደን ህጻንን - ብጠቕላላ 58 ትካላት ጥዕና ክህልዋ እንከለዋ፡ 26 ዶክተራት ዝርከብዎም 446 ሰብ ሞያ ጥዕና ተዋፊሮም ኣገልግሎት ይህቡ ኣለዉ።

# ኣስማጥ፡ ሃማደኤ ወፍሪ ልምዓት ንምዕዋት ኣበርክቶኣ ከምዘዕዝዝ ኣረጋጊጹ

ሃማደኤ ጨንፈር ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ወደብሉ ኣለዩሉ ወፍሪ ሃገራዊ ልምዓት ንምዕዋት እጃሙ ብዘለዓለ ከበርክት ምዃኑ፡ ኣብ ሓውሲ ከተማ ኣስኩዳ ኣብ ዘቐደኦ ኣኼባ ገሊጹ።

ኣብቲ ካብ 8 ምምሕዳራት ከባቢ ዝተወከላ ኣካየድቲ ማሕበር ዝተሳተፍኦ ኣኼባ፡ ሓላፊት ናይቲ ጨንፈር ወይዘሮ መርየም መሓመድ-ዓሊ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ከም'ቲ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ዝነበረን ወሳኒ ተራ፡ ኣብ ልምዓት ሃገር'ውን ዘኹርዕ ተራ ይጻወታ ከምዝለዋ ብምሕባር፡ ነበሰን ይኹን ስድራቤትን ካብ መሃይምነት ንምግልጋል ብዘለዓለ ክሰርሓ ተላቢያ።

ወይዘሮ መርየም ኣስዒባ፡ ዝርኣ ድኽመት ኣወዳድባ ንምእላይ ኩለን ኣካየድቲ ብንቕሓት ክዋስኣ ብምዝኽኻር፡ ኣባላት ማሕበር ታሪኽን ተራን ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ናብ ሓደስቲ ወለዶታታት ኣብ ምስጋጋር ኣበርቲዐን ክሰርሓ ተላብያ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ኣወዳድባአን ንምሕያል ቀጻሊ ገምጋማት ክካየዳ ምዃነን ብምግላጽ፡ ኣባልነት ወረስቲ ደቂ-ኣንስትዮ ብምርግጋጽ ንብረተ መጻኢ ማሕበር ክሰርሓ ምዃነን ብምርግጋጽ፡ ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ክካየድ ዝጸንሐን ዘሎን መደብ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ከምኡ'ውን ብሚኒስትሪ ጥዕና ዘቐየድ ክንክን ጥዕና ኣደን ህጻንን ኣብ ሂወትን ኣገዳሲ ብምዃኑ ክድፋኣሉ ተላብየን።

መዓልታዊት ጋዜጣ
ኣሰናዳኢ
ሳምሶን ሃይለ
ቍ.ስ 116266/201820(2220)
ም/ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284
ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጺጋይ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ




ኣማኑኤል በርሀ

# "ነብሪ ብሰማይ ዱብ ምስ በለኒ . . .!"





ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ'ዩ። ኣብ ሰሜናዊ ባሕሪ ዝዓበየን ከም ጻዕዳ ኢዱ ዝፈልጦን መንእሰይ፡ ኣብ ህይወቱ ኺፍዎ ዘይፈልጥ ኢጋጥሚ ጎፍ በሎ። እዚ ኣብ'ቲ ቦታ ዝለዉ እንስሳ ዘገዳምን ኣእዋምን ጥራይ ዘይኮነ፡ ዋላ ኑቶም ደቀቕቲ ኣቛጽልቲ ከይተረፈ ኣስሞኦዩም ዝፈልጦ ወዲ ዓዲ፡ ዘይገመቶ ተርእዮ ኣብ ቅድሚኡ ምስተፈጠረ፡ መጀመርታ'ኳ እንተሰንበደ፡ ደሓር ግን መዛርብቲ ከምዘለዎ ዓው ኢሉ ክድህ ጀመረ። ዝምልሰሉ ወይ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ንዘበረ ተርእዮ ርእዩ ዝረድኦ ግን ኣይነበረን።

እዋን እቶ እቶ'ዩ ኔሩ። ጸሓይ ነታ ኣብ ትሕቲ ዝበለ ቦታ ተደኲና እትርከብ ሳበር መዛናግዒ ማእከል ትፋነዎ'ኳ እንተነበረት፡ ምሉእ ብርሃን ግን ኔሩ። ኣብ ሚኒስትሪ ቱሪዝም፡ ሰራሕተኛ መዛናግዒ ማእከል ሳበር ተስፋሂወት ተኣምራት፡ ነተን ካብ'ታ ኣጉዶ ከይርሓቓ ተዛዚዖን ሳዕሪ ዝበልዓ ዝነበራ ኣጣል ደዃን ክዕብር ኢሉ፡ ኣስታት 200 ሜትሮ ዝኸውን ፍንትት ኢሉ ኣቛመተ። እቲ ቦታ ኣዝዩ ልሙዕ ብምኳኑ፡ እተን ኣጣል ካብ'ቲ ኣጉዶ ብዙሕ ከይርሓቓ ዳርጋ ባዕለን'የን ዝጓሰያ። ሽው መዓልቲ ግን ኑቦሱ ግዲ ካርዎ ደዃን ክዕብር ከደ። ሓንቲ ጤል ከኣ ንዲላ ጸኒሓቶ። ኣብ'ቲ ከባቢ ካልኦት ኣጣል ስለዘይነበራ ተሓዊሳ ክትከይድ ኣይትኽእልን'ያ። ኣብ'ቲ ጣሻ ተኸዊላ'ያ ትህሉ ብምባል ከኣ ኣብ ከባቢኡ የማሕጸጋም ኣቋመተ። ሃንደበት ግን እታ ጤል ደም ንደም ኮይና ብሰማይ ዱብ ኢላ ወረደት። ብኣስስ፡ እሞ ደማ ምስ ደማ ህሩግ ምስበሉዎ ሃገሩ ጋን ኮይንዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣሰንቢድዎ'ውን ኢዩ። ገና እቲ ኩነታት ከይበርሃሉን ከየስተብሃለሉን ከሎ ድሙ ካብኡ ሓሙሽተ ሜትሮ ዝኸውን ርሕቐ ኢሉ ነብሪ ዱብ ኢሉ ወረደ። ብሰማይ ዝወረደት ዝሞተት ጤል ኣሰንቢዳቶ ከሎ፡ ብኣስሲ ዝወረደ ነብሪ ኣብ ፊቱ ደው ምስ በለ፡ ዝወሰኖ ክፈልጥ ኣይከኣለን - ተፋጢጦካ ጠጠው!

ማእከል ቀጠልያ ቅናት ኤርትራ ዝኾነ ሰሜናዊ ባሕሪ ኣብ'ቲ ብዘለዎ ቡቕልጽን ስነ ህይወታዊ ብዙሕነትን ዝልለ ጣቕታቱ ብዙሓት እንስሳ ዘገዳም'ዩ ዘዕቁብ። ከም ዓጋዜን፡ሰሳ፡ ድንኩላ፡ መፍለስ ዝብሉ ዝኣመሰሉ እንስሳታት ዝዕቁቡሉ ኮይኑ፡ ብፍላይ ዝብኢ ኣብ ደንበታት እናኣተወ ጤለ ጠልን ኣእዱግን ስለዝወስድ፡ ብዙሕ ግዜ'ዩ ምስ'ቶም ጓሶትን ሓረስቶትን ፊት ፊት ዝጋጠም። ሰሜናዊ ባሕሪ ዘይከም ቀጠልያ መልክዑ፡ ማይ ዝርከቡ ከባቢታት ኣዝዩ ውሑድ ብምኳኑ ከኣ ዓበይቲ ግንቦል'ውን ማይ ክሰትዩ ምስ'ቶም ሓረስቶት ጎፍ ደብሶሉ'ዮም። ኪኖ'ዚ ዝኸይድ ካልእ ዝጥቀስ ሓደጋታት ግን ዳርጋ ኣየጓንፍን ኢዩ። ነብሪ'ውን ዋላ'ኳ ኣብ ደንበታት ዝኣቱ እንተኾነ፡ ክቕጽል'ዩ ደድሕራኣ ነጢሩ ካብ'ቲ ገረብ ዝወረደ። እንተኾነ ግን ኣብ ቅድሚኡ ብዘይካ'ታ ዝቐተላ ጤል፡ ካልእ ዝበልዖ'ውን ተቐሪቡ ጸኒሑ - ተስፋሂወት። እሞ ነጢሩ ደዩ ኺ እንተተኻበጡ ሞቱ'ዩ ክጸበ'ምበር ምንም ማኽሰልኽሲ ኣይነበሮን። እቲ ነብሪ ግን "ዝጀመርክዋ ጤለይ ትሕሸኒ" ግዲ ኢሉ፡ ነታ ጤል በስናኑ ሰፍሲፉ ኣብ ክሳዱ ብፍጥነት ዝረኸበ ጤል ወይ ጠል ሰፍሲፉ ደኣ ይኸይድ'ምበር፡ ንሱብ ከጥቅዕ ኣይፍትንን ኢዩ። ብፍላይ ኣብ ግዜ ለይቲ ካብ'ቲ ዱር ወጺኡ ኣብ ጽርግያ ደው ዝበለሉ ብዙሕ ግዜያት ስለ ዘሎ'ሞ፡ ካብን ናብን ዓዲ ምንቅስቓስ ናይ'ቶም ሓረስቶት ብለይቲ ዘውቱር ስለዝኾነ፡ "ኣብ መገዲ እንተዓገትካ ክትንቀሳቐስ የብልካን" ኢዮም ዝብሉ ሓረስቶት'ቲ ከባቢ። እሞ ተስፋሂወት ደኣ ተንቀሳቒሱ ወይሲ ተዓጊዱ ተረፈ?

ተስፋሂወት ኣብ'ቲ ከባቢ (ሞጉኦ) ስለዝዓበየ፡ ናይ ዝተፈላለዩ እንስሳታት ጠባይ ክፈልጥ ዝኽእልን ኣብ ግዜ ሓደጋ እንታይ ከምትገብር ሓበሬታ ክህልዎን ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ ብቕድሚኡ'ኳ ከይከውን ብሰማይ ንዝወረደ ነብሪ ግን እንታይ ኢዩ'ሞ ክገብር!? ኣብ ኢዱ ብዘይካ በትሪ፡ ምሳር'ውን ኣይነበሮን። ንምኳኑ እዮም ነብርን ጤልን ካብይ'ዮም ነጢቦም?

እቲ ነብሪ ነታ ጤል ካብ ብጹታ ፊልዩ ምስ ወሰዳ፡ እተን ዝተረፋ ብሓዋር ምስከፈጻ ንዓኣ ሒዙ'ዩ ኣብ ገረብ ተሰቒሉ። ኣብ'ቲ ገረብ ኮይኑ ቀቲሉ ክበልዓ ምስጀመረ ግን፡ ካብ መንጋጋኡ መሊቓ'ያ ናብ መሬት ወዲቓ። እቲ ነብሪ ደማ ብልዑ መንእሰይ ክንብጦ ወይሲ ጤሉ ሓንጊሩ'ዩ ክኸይድ? ስጋ ሰብዶ ይምቅር ስጋ ጤል ኮይኑ ነገሩ።

ተስፋሂወት ኣብ'ቲ ከባቢ "ነብሪ ሰብ በሊዑ" ክበሃል ሰሚዑ ኣይፈልጥን'ዩ። እንተኾነ ነብሪ ንሰብ ከምዝቕትል ሕቶ ዘድልዮ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ካብ መንጋጋ ናይ'ዚ ኣራዊት ከምልጥ እንተኾይኑ ሓደ ነገር ክቡሉሓት ኔርዎ። መጀመርታ እቲ ነብሪ ካብ'ቲ ገረብ ዘለሉ ኣብ ጥቓኡ ምስ ወረደ፡ እቲ ሓወሲ ብዮጊ ዝሕቡሩ ነብሪ፡ ናብ'ታ ኣቐዲማ ዝወደቐት ጤል ገጹ ቁሊሕ ከይበለ ኣፍጢጡ'ዩ ንተስፋሂወት ጠሚትዎ። ተስፋሂወት ግን ከም'ቲ ብዙሓት ዝኣምንሉ ተዓጊዱ ኣይተጸበዮን። ዋላ'ኳ ነዊሕ ድልዱል መንእሰይ እንተኾነ ጉብዝናኡ ግን ኣብ ቅድሚ'ቲ ኣራዊት ትርጉም ኣይነበሮን። ናይ ዓቕሊ ጸበት ከኣ "ተዓዊሉ እንተኸደለይ" ብምባል፡ ዓው ኢሉ ክጸውዕን ሰማዒ ዘይብሉ መልእኽቲ ከመሓላልፍን ጀመረ። እቲ ነብሪ ከኣ ነቲ ነዊሕን ጸለም ጸለም ሸራጥ ቀለቤት ዘለዎን ጭራኡ ካብ መሬት ቁሩብ ሓፍ ኣቢሉ ናብ'ታ ጤል ገጹ ተንቀሳቐሰ። ተስፋሂወት "ይኸደለይ ይኸውን" ኢሉ ተሰፉ እናገበረ ከኣ እንደገና ጥውይ ኢሉ ኣፍጢጡ ጠመቶ። ተስፋሂወት በዓል በትሪ ዕጥቑ ሰቓሉ፡ ተጠውዩ ከኣ ብዮሽ በሉ። ተስፋሂወት ግን ካብ'ታ ደው ኢሉላ ዝበረ ኣይተንቀሳቐሰን።


"ቁሩብ ፍንትት ምስ በለለይ፡ ብዘለኒ ሓይልን ፍጥነትን ህድማ ጀሚረ። ክሳብ ገዛ ዝኣቱ ዝበን ኣስታት 200 ሜትሮ ብኸመይ ሰጊረያን ኣይተረደኣንን። ቅድሚ ሕጂ'ውን ከይርኣናዮ ንሓንቲ ጤል ደማ ጥራይ ሰትዩ ገዲፍዋ ከይዱ ኔሩ'ዩ። ብዙሕ ግዜ'ኳ ነብሪ ዝርኢ እንተኾንኩ፡ ከም'ታ ናይ ሽዑ ግን ብቐረባ ተፋጢጠ ኣይፈልጥን'የ። እቲ ሃንደበትነት ስለዘሰንበደኒ ኢየ ከኣ ክህድም ዘይፈተንኩ። ምናልባት ክህድም ፈቲነ ኔረ እንተዝኸውን ኂቢጡኒ ምኾነ" ይብል ተስፋሂወት።

ብዛባታት ዓንሰባ፡ ማእከልን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ተኸቢቡ ዝርከብ ሰሜናዊ ባሕሪ፡ ሰፊሕ ሕሩም ሕዛእቲ ስለዘለዎን ብተፈጥሮ'ውን ልሙዕ ብምኳኑን ብዙሓት እንስሳታት'ዮም ዘለውዎ። ነብርን ዝብእን ድሙ፡ እዮም ምስ ሓረስቶት ዝያዳ ርክብ ዘለዎም'ዮም። ንሱብ ብዙሕ ተጻዊእቲ ብዘይምኳኖም ግን፡ ኣብ'ቲ ቀጠልያ ከባቢ ከም ልብኻ ክትዛወር ዘሎኻ ኣይነበረን።

ህላል ዓሎስ ታሪኽ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

# ዓሻ ዓሊኖር - ቅድሚ ገድሊ፡ ኣብ ገድልን ድሕሪ ገድልን



3ይ ክፋል

*ኣደ መንበር ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ ተጋዳሊት ዓሻ ዓሊኑር መሓመድ ኣብ 1965 ዓ.ም. ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ሓወሲ ከተማ ማይ ሓባር ተወሊዳ። ሰድራ ቤት ዓሻ ኣብ መጓሰን ማሕረሰን ዝተመርኮሰ ማሕበራዊ መነባብሮ ትመርሕ ነበረት። መበቆል ዓዳ ኣብ ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ሓልሓል በጎስ ኣብ ዝተባህለ ከባቢ እትርከብ ፋና ዝተባህለት ዓዲ ዝኾነት ዓሻ፡ ገለ ዓመታት ካብ ግዜ ንእስነታ ከም ኩላቶም ህጻናት ኣብ'ታ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝነበረት ዝተወለደትላ ዓዲ እናተጻወተትን ብፍቕሪ ሰድራ ቤት ተኸቢባ ኣሕሊፋቶ። ገና ዓመት ዘይመልኣት ህጻን እንከላ ወላዲኣ ብሕማም ምኽንያት ኑታ ኣርባዕተ ህጻናት ክልተ ኣወዳትን ኣዋልድን ዝነበሩዋ ሰድራ ኣብ 1966 ብሞት ተፈልዩዎም። ምህባይ ቁልዑ ድማ ኣብ ዝባን ወላዲት ዘይትብ ፋይደን ወደቐ። ወላዲ ምስ ሞተ እታ ሰድራ ንሓዳር እዋን ጥራይ'ያ ብዘይጸገም ተኻሊያ። ብሰንኪ ሞት ኣቦ ዝሰመደቶ ዝሰኣነት ሰድራ ቤት ምስ ጸገማት ምቅላስ ግድነት ኮይኑ። እታ ሕማቕን ጸቡቕን ዘይትፈሊ ህጻን ዝነበረት ዓሻ ድማ ህጻንነታ ክብደት ናብራ እናንጸላለዎ ምስ ሰድራ ቤታ ቀጸለት። እታ ካብ እሳት ገድሊ ወጺኣ መዓት ኩይና ናጽነት ክትርኢ ዝበቕዐት ኣደ መንበር ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ ዓሻ ዓሊኑር ካብ ምፍጣራ ክሳብ ሕጂ ዝሓለፈቶ ህይወት ብዙሕ ልዑና ተዘንትው። መቐጸልታኡ እነሆ።*

***

ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ እንክለና፡ ኣብ 1978 ምዝላቕ ምስ ኮነ፡ ፈለማ ካብ'ቶም ዕብዩ-ዕብዩ ዝበሉ ተማሃሮ ክልተ ሚእቲ ከቲቦም። ድሕሪ ገለ እዋን እውን እቲ ክተት ናባና በጽሐ። ሽዑ ሓላፊና ዝነበረ በራኺ፡ ኣኼባ ብምግባር ከቲትና ሓለዋ ጋንታታት ክንወጽእ ምዃንና ምስ ሓበረና፡ ኣስማት ናይ ዝኸዱ ክጽውዕ ጀሚሩ። እቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝተወዘዕና፡ ገለና ዕጥቂ ብዘይ ብረት፡ ገለና ብረት ብዘይ ዕጥቂ፡ ገለና ድማ ዕጥቅን ብረትን ዝሓዝና ኢና ነይርና። ብሓፈሻ ድማ፡ ብሰንኪ ዝበርና ናብ ሓይልታት ናይ ምኻድ ባህጊ፡ ነቲ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ጸሊእናዮ ኢና ነይርና። ምኽንያቱ - ክትጋደል ኢልካ ክትወጽእ ከለኻ፡ ምግዳል ማለት ምውጋእ ጥራይ እዩ ዝመስለና ነይሩ። ኣብኡ ምስ ኣተና ኢና ኣብ ገድሊ ብዘይካ ወግእ ካልእ ስራሕ ከም ዘሎ ዝፈለጥና። ኣብ ካልእ ዕማም ምስ ተመደብና ድማ ክንቕበሎ እውን ኣይከኣልናን። በራኺ ዝርዝር ኣስማት እናጸወዐ ዓሻ ዓሊኖር ምስ በለ፡ 'ኣብ'ዚኣ ኣለኹ' ኢለ ብድድ ምስ በልኩ፡ ኣብ ጥቓይ ካብ ዝነበሩ ሓደ 'ዕጥቂ የብላን' ክብል ሃገሮ ነበራኺ። ኣነ ከኣ ዕጥቂ የብላን ኢሉ ምእንቲ ከየትርፈኒ "ኣሎ. . .ኣሎ. . ." በልኩዎ'ሞ፡ ኑታ ኣብ ጥቓይ ዝነበረት ጓል ክፀንጥላ ኢለ ዕጥቃ ሰላቢኩዎ። ንሳ 'ግደፊ' ክትብለኒ ኣነ ዕጥቃ ክፀንጥላ ተሰሓሒብና። ሳላ ከምኡ ዝገበርኩ፡ ኣብ መወዳእታ 'ሃብያ' ስለ ዝበሉዋ፡ ዕጥቃ ሒዘ ምስ'ቶም ዝወጽኡ ተሓዊሰ።

እቶም ካብ ዝተፈላለያ ክፍልታት ውድብ ዝኸድትና ብሓንሳብ ተኣኻኺብና ሓይሊ ኣቑምና። እቲ ካብ ደብዮት ናብ ገድሊ ዘፋነወኒ ሓላፊ ማሕበራዊ ጉዳይ ዝነበረ ኣቦይ ኢብራሂም እውን ሓላፊ ናይ'ታ ሓይሊ ኮይኑ ኣብኡ ረኺበዮ። ኮምሽር ሓይሊ ስውእ ወልደኣብ (ገብል) ኮይኑ፡ ሽዑ ደርጊ ወራራት ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን ብምዃኑ፡ ንሓለዋ ናብ ታሕታይ ናሮ፡ ድሕሪ ገለ እዋን ድማ ናብ ላዕላይ ናሮ ተንቀሳቒስና። ሃዊሕ ጉዕዞ ፈለማይና ስለ ዝነበረ ኣመና ንደኽም ነይርና። ክልተ ሰለስተ ምስ ተጓዓዝና ግን እቲ ጉዕዞ እውን ለሚድናዮ። ኩላትና ኣንጻር ዝነበርና ፋሕፋሕ ዝበለ ሓይሊ ንኹሉ ጸገማት ክንለምድ ግዜ ኣይወሰደልናን።

ኣብ ናሮ ሓለዋ ጋንታ ከለና ቀዳማይን ካልኣይን ወራር ተወዲኡ። ተጋደልቲ ድማ እናተዋግኡን እናዝለቑን ናባና ገጾም ቀረቡ። ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ክቐውም ከሎ፡ እቶም ድሕሪ ምኽታትና ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ንሓለዋ ፋሕፋሕ ኢልና ዝነበርና ናይ ክፍልታት ኣባላት፡ ኣብ ሓደ ምእንቲ ክንጥርንፍ፡ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኣብ ዝርከብ ሓለበት ዝተባህለ ቦታ ተኣኻኺብና። ካብና ዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበረ ስውእ ወልደኣብ ገብልን ጸገሬዳ ወልደገርግሽን ዝርከብዎ ሓንቲ ማሰርዕ ናብ እንዳ 31፡ በዓል ፍስሃየ ዝነበሩዋ ሓንቲ ማሰርዕ ናብ እንዳ 23፡ ሓንቲ ማሰርዕ ድማ ናብ እንዳ ኣርባዕተ ከይደና። ንሕና ድማ ብዙኽሊፕ ሕውስዋስ ኢልና ብኣርባዕተ ሓይልታት ብጦለዊ 27 እትበሃል ኣሃዱ ኣቑምና።

ኣብ'ቲ ፈለማ ዝቖምናሉ፡ ተጋድሎ ሓርነት ብድሕሪ ዕርድታት ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኩይናም መሰናኽል ክፈጥሩልና ሒኹ ይብሉ ስለ ዝነበሩ፡ ንዓኣቶም ክንከላኸል ኣብ ሓለዋ ኢና ተዋፊርና። ገሌና ድማ ምሽ'ቲ ምዝላቕ፡ ጸላኢ ብበዓል ማህሚመት መጺኡ እንዳ ዜና፡ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝኣማሰሉ ክፍልታት ውድብ ንኸይወጽኡ ዓጊቱዎም ስለ ዝነበረ፡ ምስ ካልኦት ኣሃዱታት ተሓጋጊዝና ብድሕሪ ግሬቶ ዝተባህለ ቦታ ጸርጊያ ሰሪሕና ኣሕሊፍናዮም።

ጸላኢ ሳልሳይ ወራር ምስ ጀመረ፡ ኣብ'ቲ ወራር መራሒ ሓይልና ወዲ ቐሺ፡ ኮምሽር ሓይልና ሕጂ ክልተ ኣዒንቱ ተሃሪሙ ኣብ ሃገራት ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ዘሎ ሓይልኣብ ማንጁስ እናተመራሕና፡ ምሰ'ታ ስውእ ኣብነኮር መራሒ፡ ወዲ ሲቃ ድማ ኮሚሳር ዝነበረ ብጦለዊ ገሉብ ትብሃል ሰጊብና ኢና ደፋዕ ሒዝና። በዓል ወዲ መምህር፡ ወዲ ኻዳ ዝዛዘሉ መራሕቲ ጋንታታት ነይሮምና። ወላ'ኳ ወግእ ርኢና ዘይንፈልጥ እንተ ኾንና፡ ንጸላኢ ንኽእሎ ኢና ዝብል ኒሕ ነይሩና። ስለ ዝኸዳ ከኣ ክንዋጋእ ኣመና ህንጡያት ነይሩና። ንፈለማ እዋን ድማ ኣብ ኂ ብጦለዊ ገሉብ ኣሰርና ምስ ጸላኢ ተጋጢምና። ኣብ'ቲ ወግእ ብቐድመና ዝመጽኡ ጦር ሰራዊት ማእለያ የብሎምን። ኑቶም ናይ ብጦለዊ ገሉብ እናረኣና ኢና እንዋጋእ። ኣዘዮም ሓያላትን ምኩራትን ተዋጋእቲ እዮም። ካብና ንላዕሊ ንወግእ ዝፈልጥዎ ንሱቶም እዮም። ብሓቂ ከኣ ኣብ ኂ ኣናብስ ኼንና ኢና ንዋጋእ ዝነበርና። ኣዘዙቶም ሓያላት እዮም። ኣብኡ ዝነበሩ ተጋደልቲ ኣዘዮም ንፋዓትን ወፋያትን፡ ንዓኣቶም እናረኣና ብዙሕ ዘይንፈልጦ ዝነበርና ናይ ውግእ ስልትታት ተማሂርና። እቶም ናትና ሓለፍቲ እውን ዓለምቲ ስለ ዝነበሩ፡ ኣፍልጦ ወታሃደራዊ ስልቲ ነይርዎም። ሓይሊ ጸላኢ ናብ'ቲ ከም እንዳ ዜና ዝኣማሰሉ ክፍልታትና ዝነበሩዎ ፋሕ ገጹ ክፍንጥስ፡ ንሕና ክንከላኸለን ጸረ መጥቃዕቲ እናወሰድና ክንመልሶን ዳርጋ ሰሙን ኣብኡ ተረባሪብና።

ወግእ ንፈለማ እዋን ርኢናዮን ተሳቲፍናዮን። ኣብ ወግእ ሰብ በዘዕይኑ ባህሪ እዩ ዘለዎ። ገሊኡ ፈራሕ ክመስለካ ዝጸንሐ ኣብ ወግእ ግን ተባዕ ኮይኑ ይጸንሓካ፡ ገሊኡ ማእከላይ፡ ገለ ድማ ኣመና ተባዕ ክመስለካ ይጸንሕ'ሞ ኣብ ኩናት ግን ፍርሒ ዝበሎ. . .ኣሎ። ብሓፈሻ ግን ዘይፈርሕ ሰብ እንተ ዘይሃለወ'ኳ፡ ፍርሕኻ ብኸመይ ትቆጻጸሮ ኣብ ወሸጥኻ ትውሕጦ እዩ እቲ ፍልልዩ። ኣብ'ቲ ኩናት በዓል እዝየዝርያ ወዲወዶ ዓይነት ስለ ዝበረት (መንግስቱ) ንብላ ነይርና፡ ስውእቲ ሕድሩ፡ ተኸአ ቸቹ (ኣምሓረይቲ) ኣመና ተባዓትን ተበለጽን ዘተብዓኛን እያ ነይራ። ኣነ ከም'ቲ ናተን ኣመና ተባዕ ኣይነበርኩ ደኣምበር፡ ፈራሕ ኣይኮንኩን። ከም ኩሉ ባህሪ ናይ ተጋዳላይ 'ክንዝብር ኣለና' በዚሉ ነይሩ። እዝየዝርያ ባዕላ ክትሃጀም ትደሊ፡ ምሽ'ቶም ዝሃጀሙ ክትኣቱ ትደሊ. . . . ሕሉፍ ትብዕቲ ነይሩዋ። ሓደ ግዜ እውን እናተዋግኣት ሓደ ወታሃደር ደርግ ምስ ረኣየ፡ በምባ ደርብዩላ። ንሳ ድማ ብቑልጡፍ ኑታ በምባ ተቐቢላ ናብ'ቲ ወታሃደር ብምድርባይ ቀቲላቶ። ብሓፈሻ ዳርጋ ኩሉ ተጋዳላይ ዝሕጥ ዘይብል እንተ ነበረ'ኳ፡ ናይ ገለገለ ትብዓትን ተወፋይነትን ግን ሕልፍ ዝበለ ኮይኑ እዩ ዝጸንሓካ።

ኣብ ምርብራብ ናይ ሳልሳይ ወራር እምበኣር፡ ኣብ'ቲ ንሕና ዝነበርናዮ ዕርዲ፡ ብቐንዱ እቶም ገሉብ ዝበሃሉ ኣሃዱ እዮ ተዋጊኦም። ንሕና ድማ ምስኣቶም ተጸጊዕና ዝዋቕምና ገይርና። ናይ ኩናት ሃገር ካብ'ቶም ኣሃዱ ተማሂርናዮ። ድሕሪ'ዛ ውግእ እዚኣ ከኣ ሓይልና ወናም ተዋጋኢት ኮይና።

ካብ'ቲ ምስ ብጦለዊ ገሉብ ኼይንና ክንዋጋኣሉ ዝቖና ዕርዲ ምስ ወጻእና፡ ማይ ብክላሽን ናብ ዝዝሕል ቦታ ኢና ቀይርና። ኣብኡ እውን ጸላኢ ስለ ዝመጽኣና ወግእ ቀጺሉ። ኣብኡ መራሒ ማሰርዕና ኣማኒኤል ተሰዊኡና። ትእማር እውን ርእሳ ተሃሪማ ካብ መዕቀኒ ንሽሕ ድሒና ክሳብ ሕጂ ኣላ። ኣማኒኤል ሕሙቕ እናተሰመዓና ተቐቢሩ። ከም ኣቦና ኮይኑ እዩ ዝኣልየና ዝነበረ። ሽዑ ጽላልካ ውሑስትካ ከም ዝጠፍኣካ እዩ ዝስመዓካ። ጓሂኻ ግን ኣብ ውሽጥኻ ኢኻ ትዕብር። ድሕሪ'ዚ ንበዓል ዴሱት ዝተባህለ ቦታ ገጽና ደይብና። መሊስና እውን ሓይልና ኣብ ጺጋማይ ወገን ናይ'ቲ ግንባር ናብ ዝርከብ በዓል ቀጠር፡ ሃሊይት. . . ገጽና ኣቢልና።

ኣብ'ዚ ቦታ ከለና እዩ ኻኣ ራብዓይ ወራር ጀሚሩ። እቲ ወራራት ግዜ ዘይህብ፡ ኣብ ርእሲ ርእሲ ዝተደራረበ እዩ። ጸላኢ ራብዓይ ወራር ምስ ጀመረ፡ ናብ ኻላጉል ዒላ ጻዕዳ ኣቢሉ ደስሕብ ስለ ዝበረ፡ ብጦለዊና ናብኡ ገጻ ከይዱ። ኣነ ዝነበርኩዎም ገለ ውሑዳት ሰብት ግን ንሓለዋ ኣብ ቀጠር ተረፍና። ደብዳብ ከበድቲ ኣጽዋር ዕረፍቲ የብሉን። ኣነ ዝነበርኩዋ ደፋዕ ብድሕረይ ገደፍ ደንጎላ ዝበራ እያ። እኹል ናይ ኣተዓራርዳ ኣፍልጦ ዘይምህላው ደኣምበር፡ ደፋዕ ኣብ እትሕዘሉ እዋን ብድሕረኻ ዝኸላ ሃገር ክህሉ የብሉን። ናጣኻ ዝመጽእ ኣጽዋር ምእንቲ ብስሕበት ክወርድ እውን ጸዳፍ እንተ ኾነ ተመራጺ እዩ። ኣብኣ ተጸጊዐ እናተኸታተልኩ፡ መራሒ ማሰርዕና ሚኪኤል መጺኡ ኣብ ድሕረይ ኮፍ ኢሉ። በምባ በኢዶም ኣብ'ታ ብድሕረይ ዝበረት እምኒ ሃሪማ። ኣነ ብሓመድ ተደፊነ፡ ኣእዛነይ ድማ ብሰሪ'ቲ ብርቱዕ ደምጺ ገው በለ። ንሚኪኤል ገደፍ ጅላድ ናይ'ቲ በምባ መጺኡ ርእሱ ሃሪሙዎ። ኣመና ንፉዕ ሓኪም ጋንታና ጺጋይ ሃብተ 'ወዲ ሃብተ' ድማ፡ 'መድፍዕ' ምስ ሰምዐ ደሃይና ክዝብር ናባና ገጹ ኸዩ። ክልተና ኣንጠልጢልና ናብ ድሕሪት ኣውጺእናዮ። ግና ዕድል ከይሃበ እዩ ተሰዊኡ። ክንቕብሮ ኢልና ዕጥቁ ክፈትሓሉ እናፈተንኩ ከለኹ፡ ወዲ ሃብተ 'ግደፊ - ግደፊ' በለኒ። ኣነ ኣየስተወዓልኩን እምበር ልጓም ናይታ ኣብ ዕጥቁ ዝነበረት በምባ ተሰቢራ ኣብ ሓደጋ እያ ነይራ። ወዲ ሃብተ ኑታ በምባ ጨቢጡ ኣውጺኡ ናብ ርሑቕ ቦታ ደርብዩዋ። ንሚኪኤል ድማ ኣብኡ ቀቢርናዮ። መዓልትኻ እንተ ዘይኣኺላ ወላሓንቲ ኣይትኸውንን ኢኻ ደኣ'ምበር፡ ሕጂ ክትሓስቦ ከለኻ ኸመይ ኢለ ወጺኤ ዝበልካ መዓት ሓደጋታት እዩ ዘጋጥመና ነይሩ።


ይቕጽል



# ጥዕና

ዶ/ር ኪዳን ተኽላይ





## ለበዳ ሕማም ኢቦላ



ኢቦላ ብቫይረስ ዝኽሰት ኣዝዩ ሓደገኛን ቀታልን ተመሓላላፊ ሕማም'ዩ። እዚ ሕማም'ዚ ንሰባትን ንእንስሳታትን - ከም ህበይ፡ ጉሪላን ወዳግን ዝኣመሰሉ'ውን ክጥቅዕ ዝኽእል'ዩ። ምንጪ ናይዚ ቫይረስ ንጹር'ኳ እንተዘይኮነ፡ እቲ ናይ መጀመርታ ዝተለኽፈ ሰብ ግን ኣብ ዝተለኽፈ እንስሳ ለጊቡዎ ክኸውን ከምዝኽእል ብተመራመርቲ ናይዚ ሕማም ይእመን። ኢቦላ ኣብ ስም ናይ ሓደ ፈለግ ሩባ ኣብ ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ (ናይ ቅድም ዛየር) ዝርከብ ዝተወሰደ'ዩ። እዚ ዋላ ኣብ እንስሳታት ከም በዓል ህበይ፡ መንካዕን ካልኦትን ክኽሰት ከም ዝኽእል ዝዘረበሉ ሕማም፡ ብኢቦላ ዝበሃል ቫይረስ ይመጽእ።

እዚ ሕማም ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ኣብ ኣፍሪቃ ክኽሰት ጸኒሑ'ዩ። ኣብዚ እዋንዚ እውን ሕማም ኢቦላ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ብኣዝዩ ኣሻቃሊ ደረጃ ይላባዕ ኣሎ። ዝ ሕማም ንምቁጽጻር ድማ ብዓለማዊ ውድብ ጥዕና ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ተኣዊጁ ይርከብ። ኣብዚ ዓመት ጥራይ ንኻልኣይ ግዜኡ ተባሪዑ ዝርከብ ሕማም ኢቦላ፡ ክሳብ ነሓሰ 2014 ልዕሊ 1070 ሰባት በዚ ሕማም ከምዝተለኽፉን ካብዚኣቶም እቶም 932 ከምዝሞቱን ይሕበር። እዚ ኣሃዝ'ዚ ሕማም ኢቦላ ዝሓዞ ሰብ ናይ ሞት ተኽእሎኡ እምብዛ ዝዓበየ ምዃኑ የመልክት።

ሓደ ሰብ በዚ ሕማም ምስ ተለኽፈ፡ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ካልኦት ሰባት ክለክፍ ይኽእል። ብቐጥታዊ ምትንካፍ ደም፡ ነብዒ፡ ተምላሱ ወይ ፈሳሲ ዘርኢ ናይ ግዳይ፡ ወይ'ውን ዝኾነ ነገር እዚ ቫይረስ ዝተንከፎ፡ መሳርሒ፡ መግቢ ወይ ማይ ንኻልእ ሰብ ክለክፍ ይኽእል። ስለዚ'ዩ ከኣ፡ እዚ ሕማም ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብቐልጡፍን ብቐሊሉን ዝመሓላለፍ። ንዝተለኽፈ ሰብ ዝቐርብ ወይ ዝኣሊ ዝኾነ ምትንካፍ ምስ ዝገብር፡ ብቐሊሉ በዚ ቫይረስ ይልከፍ። ዝሞተ ግዳይ ኣብ ዝቕበረሉ እዋን'ውን ዝለዓለ ጥንቃቐ ክግበር ይግባእ። እዚ ቫይረስ ኣብ ደም ክሳብ ዝሃለወ፡ ካብዚ ሕማም ዝሓወየ ሰብ ክሳብ ሸውዓተ ሰሙናት እዚ ቫይረስ ናብ ካልኦት ሰባት ከመሓላልፍ'ውን ይኽእል። ስለዚ ጥንቃቐታት ክሕይል ከምዘለዎ ምግንዛብ የድሊ።

ምልክታት ሕማም ኢቦላ ካብ 2-21 መዓልታት ድሕሪ መልከፍቲ ይምዕብሉ። ሙብዛሕትኡ እዋን ከኣ ብሓፈሻዊ ምልክታት ኣካላት ይገልጹ። ሃንደበታዊ ረስኒ ኣካላት፡ ምዕጻው ሸውሃት፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ቃንዛ ጭዋዳታትን መላጎምቲታትን፡ ተምላሱ፡ ውጽኣት ከኣ የጠቓልል። ሕጽረት ምስትንፋስ፡ ቃንዛ ኣብ እዋን ምውሓጥ፡ ሰዓል፡ ምቕያሕ ዓይኒ፡ ሐቕታ፡ ውሽጣውን ደጋውን መድመይቲ፡ ቃንዛ ኅሮርን ከኣ ካብ ክርኣዩ ዝኽእሉ ምልክታት'ዮም። ገለ በዚ ሕማም ዝተለኽፉ ሰባት ክሓውዩ ከለው፡ ዝበዝሑ ግን ይሞቱ።

ዛጊት ነዚ ሕማም ዝከላኸል ክታበት ኣይተሰርሐን። ኣብ ርእሲ'ዚ እዚ ሕማም ብምትንካፍ ብቐሊሉ ስለዝመሓላለፍ ንምክልኻሉ ኣጸጋሚ ይርከብ። እቲ ቀንዲ ሜላ መከላኸሊ ከኣ ንሕሙም ምፍላይን፡ ፍጹም ብዘይ መከላኸሊ ዘይምትንካፉን'ዩ። ግዳይ ዝተንከፎም ነገራት ዘይምሓዝን፡ ናብ ግዳይ ኣብ እትቐርበሉ እዋን ከኣ ምሉእ ኑብሽኻ ምጥንቃቕን የድሊ። እዚ ዓይነት ሕማም ኣብ እንስሳታት ይርአ ብምዃኑ፡ ነዞም ዝተለኽፉ ምልላይን ምትሕልላፍን ምጥንቃቕ፡ ስጋ እንስሳታት ብግቡእ ክጸሪ፡ ካብኦም ዝርከብ ምንጪ መግቢ ብግቡእ ክበስል'ውን ኣካል ምክልኻል ሕማም ኢቦላ'ዩ። ኣብ ዘርኢ መፍረ ክሳብ 7 ሰሙናት ክጸንሕ ስለዝኽእል፡ ዋላ ድሕሪ ምሕዋይ ን 7 ሰሙናት ካብ ስጋዊ ርክብ ምሕራም ሓደ ካብ ሜላታት ምክልኻል ናይዚ ሕማም ኮይኑ ኣሎ።

ሰብ ሞያ ጥዕና ብኸምዚ ዓይነት ኣገባብ ንዝመሓላለፉ ሕማማት ዝተቓልዑ'ዮም። ስለዚ ኣብ ስራሕ ንምሉእ ኑብሶም ዋላ ሸፋን ገጽ (ማስኬራ) ክጥቀሙ ይግብኦም። እዚ ሕማም ኣብ ዝረኣየሉ ከኣ ኣብኡ ዘሎ ሕብረተሰብ ብዛዕባ እቲ ሕማም ምሉእ ኣፍልጦን መረዳእታን ምስ ዝወሃቡ፡ በዚ ሕማም ዝሞቱ ግዳያት ብኣገባብ ምስ ዝቕበሩን ኣብ ምግታእ ናይዚ ሕማም ዓቢ እጃም ይጻወት።

ኢቦላ፡ ንመጀመርታ እዋን ኣብ ዛየርን ሱዳንን ኣብ 1976 ተረኺቡ። ኣብቲ ዓመት'ቲ ኣብ ክልቲኤን ሃገራት ካብ 602 ግዳያት፡ 431 ሰባት በዚ ሕማም ሞይቶም። እዚ ቁጽሪ ኢቦላ ምክልኻሉን፡ ቁጽሪ ሕሙማት ምጉዳልን እምበር ምፍዋሱ ኣጸጋሚ ምዃኑ'ዩ ዘመልክት። በዚ ሕማም ዝተለኽፈ ክሳብ 90 ሚእታዊት ናይ ሞት ዕጫ'ዩ ዘለዎ።

ኢቦላ ፍሉጥ ወይ ጭቡጥ ዝኾነ ፈውሲ ዘይተረኽቦ ሕማም'ዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ከኣ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝኾና ጊኒ፡ ሰራልዮን፡ ላይበርያ፡ ናይጀርያ ብዘኸፍአ ደረጃ ይላባዕ ኣሎ። በዚ ዘለዎ ናህሪ ምስ ዝቕጽል ናብ ብዙሓት ሃገራት ክይሰጋገር ተሰጊኡ ኣሎ።

እዚ ሕማም ካብ ሃገር ናብ ሃገር ብጾባት፡ ወደባት፡ መዓርፎ ነፈርቲ ክሰጋገር ይኽእል። ንምክልኻሉ'ምበር ንምፍዋሱ ኣጸጋሚ ዝኾነ ሕማም ኢቦላ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ እዚ ሓበሬታ ክበጽሖን ኣብዚን ዝተጠቕሳ ነቕጣታት ዕቱብ ጥንቃቐ ክግበርን ሓላፍነት ሚኒስትሪ ጥዕና ጥራይ ዘይኮነ ሓላፍነት ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ'ውን እዩ።

## ሳዕቤናት ምንጻል ጥንሲ




ዝበዝሕ ሓልክታት ምንጻል ጥንሲ፡ ዘይግቡእ ረዲኤት ወይ ህጹጽ ሕክምናዊ ረዲኤት ካብ ዘይምርካብ ዝስዕብ'ዩ። ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ምስ ዘይትረኽብ፡ ሓንቲ ኣደ ክሳብ ሞት ከብጽሕ ብዝኽእል መድመይቲ ክትቃላዕ ትኽእል። ንነውሕ ዝበለ እዋን ምስትደሚ ድማ ብዋሕዲ ደምን ሳዕቤናቱን ክትሽገር ትኽእል። ንረኽሲ ስርዓተ መፍረን ሽንትን የቃልዕ። ብኡ ኣቢሉ ከኣ ሓያል ሓፈሻዊ ረኽሲ ኣካላት ከምርሕ ይኽእል። ናይ ማህጸን ረኽሲ ብግቡእ ምስዘይሓዊ ከኣ በሰላ ክገድፍን ኣብ መጻኢ ጥንሲ፡ ጠንቂ ናይ ምንጻልን ናይ ወሊድ ጸገምን'ውን ክኸውን ይኽእል። ኣብ ኣደ ዘውርዶ ስነ ኣእምሮኣዊ ሃሰያ'ውን ብቐሊል ዝርአ ኣይኮነን።

ስለዚ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሓልክታት ካብ ሃለው፡ ዝኾነት ኣደ ምልክታት ምንጻል ጥንሲ ምስ እትግንዘብ፡ ወይ ከኣ ዘይንቡር ሓያል መድመይቲ ካብ ኣፍደገ ርሕሚ ምስ ዘህልዋ ተቐላጢፉ ናብ ሕክምና ክትቀርብ ይግባእ። ኣብ ትሕቲ ብዓል ሞያ ኮይና ዘድሊ ምኽርን ረዲኤትን ክትረክብ ትኽእል። ስለዚ ድማ ሂወታ ተውሕስ። ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሳዕቤናት ከኣ ክትገላገል ትኽእል።

ኣብ ሕክምና ብዝግበር መርመራታትን ምፍታሽ ማህጸንን ከኣ ዝኾነ ተረፍ ከይህሉን ምንጻል ጥንሲ ምዃኑን ዘይምዃኑን ይረጋገጽ።

ድሕሪ ምንጻል ጥንሲ ማህጸን ንሰለስተ ኣዋርሕ ካብ ጥንሲ ናጻ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ከኣ ብመከላኸሊ ጥንሲ ክግበር ይከኣል። ከምዚ ክዉን ምግባር ብሰል መረዳእታ ናይ'ታ ኣደን ብዓል ቤታን የድሊ።

ድሕሪ ምንጻል፡ ኣብ ርሕሚ ብጠዚሒ ሞደየስ ወይ ጨርቂ ምጥቃም ኣድላይ ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ ናብ ዘይተደልየ ረኽሲ ከምርሕ ስለዝኽእል። እቲ ክግበር ዘለዎ ርሕሚ ብጽሬት ምሓዝ'ዩ። መድመይቲ'ውን ብውሑዱ ክቕጽል ይኽእል'ዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዝኾነ ርክብ ኣድላዩ ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ እዚ'ውን ናብ ረኽሲ ከቃልዕ ስለዝኽእል።

# ምልክታ

ደሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ደቀምሓረ

ሃይለሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር ገብረስላሴ፡ ኣሞይ ወ/ሮ ሂወት ጠዓመ ተላ ብሂወት ከላ ኣብ ኤምባሲ ኤርትራ ዓዲ ጥልያን ከተማ ሮማ ቀሪባ፡ ብዕለት 6/3/2014 ብዝተጻሕፈ ናይ ውርሻ ለበዋ ገይራ ኣብ'ዚ ከተማ ደቀምሓረ ምምሕዳር ሓያ ስፍሓት መሬት 292.50 ት/ሜ 4 መደቀሲ፡ 1 ሳሎን፡ 2 ዓይኒ ምድሪ፡ 2 ክሽን፡ መዳውብቱ ብሰሜን ምስ መንገዲ ብምብራቕ ምስ መንገዲ ብደቡብ ምስ ወ/ሮ ሰሌሚ ኣብርሃ ብምዕራብ ምስ ተኽለብርሃን ዝዳወብ ድሕሪ ሙማታ ንዓይ ክኸውን ስለዘውረሰትኒ ዘላበወትለይ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምልእተ ኣድሓኖም ምራጭ በዓል ቤተይ ነፍ/ኣብርሃ ሞገስ ወልደሚካኤል ብሂወት ከሎ ብዕለት 8/5/2011 ዝተጻሕፈ ገይሩ፡ ኣብዚ ኣብ ደቀምሓረ ሎታ 21 ፓርሰል "ሲ" ስፍሓት 200 ት/ሜ ካብ ዝኸዕነ ነታ ስፍሓት 100 ት/ሜ መዳውብቲ፡ ብሰሜን ምስ ኣቶ ተኽለ ገብረመስቀል ብደቡብ ምስ መንገዲ ብምዕራብ ምስ ኣቶ ተስፋሚካኤል ዝዳወብ ብምርሒት መሬት ምም/ከተማ ደቀምሓረ 24/02/1998 ብቑ.መስርሒ ፍቓድ 0011/98 መሰለይ ቁ.53/79 መወከሲ ቁ.53/4568 ዝሰርሖ ስለዝላበወለይ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ወልዱ ዮውሃንስ ኣዳል መወቲ ወለደይ ኣቶ ዮውሃንስ ኣዳልን ወ/ሮ ጽገወይኒ ገብረመስቀል መሓርን ብዕለት 11/2/2000 ዝተጻሕፈ ሰነድ ለበዋ ጌሮም ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ምም/ከባቢ መጻሉ ሎታ ቁጽሪ 6 ዝርከብ ቪላ 4 ቀንዲ ክፍልታትን ስፍሓት 500 ት/ሜ ምስ ክንቸልኡ ከምኡ ድማ ዝተሰረተ ሰርቪስ ገዛውትን ዘጠቓለለ ሊብሬቶ ብሽም ኣቶ ዮውሃንስ ኣዳል ቦኽሩ ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛውቲ ብሎሚ ዕለት 11/2/2000 ንውዕል ለበዋ ኑዛዜ ተቐባሊ ወድና ኣቶ ወልዱ ዮውሃንስ ኣዳል ድላዩ ንኽገብሮ ፈቒድናሉ ኣለና። ነዚ ዝተጠቕሰ ኣባይቲ ክሽጦ፡ ክልውጦ፡ ክነብረሉ፡ ናብ ስሙ ከመሓላልፎ፡ ዘድሊ ኩሉ ክፍጽምን ብለበዋ ኑዛዜ መልክዕ ከም ዝሃብናዮ በዚ ውዕል ኑዛዜ ብኽታምና ነረጋግጽ ክብሉ ተላብዮም፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ዓወት ተስፋገብርኤል ወልደሚካኤል ተኸሳሲ በዓል ቤተይ ኣቶ ምሕረትኣብ ገብረሚካኤል ተስፋዝጊ ዝተባህለ፡ ብወርሒ 10/2007 ንስደት ሃገር ከይዱ መሬት ገዚእና ገዛ ኣሰሪሑ ብዘይ ቀለብ ኣብ ባዶ ገዛ ይቕመጥ ጸኒሐን ኣለኹ። ተኸሳሲ ካብ 2012 ዓ.ም ንድሓር ግን ፈጺሙ ደሃይ ክገብረለይ ስለዘይከኣለ ሓዳር ዝደሊ እንተኾይኑ መጺኡ ሓዳሩ ይግበር ዘይቀርብ እንተኾይኑ ከኣ ፍትሕ ይፈጸመለይ ስለዝበላ፣ ተኸሳሲ ባዕሉ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ፡ ን18/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ መርሓኖ

ኣቶ ተስፋማርያም ገብረመድህን ተወልደን ወ/ሮ ሰማይነሽ መንግስትኣብ ዘርኡን፡ ወድና ኣብርሃም ተስፋማርያም ገብረመድህን ስለዝሞተ፡ ወድና ዘይተመርዓወ ኮይኑ ውላድ'ውን ስለዘይብሉ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሓ/ከ/ጸሮና

ወ/ሮ ሂወት መሓሪ መድህን በዓል ቤተይ መሓሪ ገብረማርያም ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ኲዳ

ወ/ሮ ብርጭቆ ባህታ ሓደራ ምስ ተኸሳሲ በዓል ቤተይ ብሕጋዊ መዳይ ቃልኪዳን ኣሲርና ካብ ንምርያ 3 ዓመት ጌርና ኣነ ሰብኣይ ኣለኒ ኢለ እንተተጸበኹ ንዓይ ኣብ ገዛ ገዲፉኒ ስግረ ዶብ ከይዱ 2 ዓመት ጌሩ። ኣነ ከም በዓልቲ ቤቱ መጠን ስለዘይረኣየንን ዘይኣለየንን ተጸዊዑ ቃልኪዳን ከውርደለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ ጨረታ

1. ብመገዲ Reproductive Health ሚ/ሪ ጥዕና desk top computers, laptop, Copy printer dual duty and toner ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ግዱሳት ተወዳደርቲ ይዕድም።

ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት
- ተወዳደርቲ ናይ 2013 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ከቕርቡ ይግባእ።
- ተወዳደርቲ መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ 2% ናይቲ ዘቕርብዎ ዋጋ ብሲፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ።
- ምልክታ ጨረታ ክሳብ 4/9/2014 ሰዓት ሓሙሽተ ድ/ቀ ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ 5/9/2014 ሰዓት 9፡00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ሪ ጥዕና ቁ.36 ይኽፈት።
- ዝርዝር መግለጽን ሓበሬታን ካብ ቤት ጽሕፈት ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ሪ ጥዕና ምውሳድ ይከኣል ወይ ብቑጽሪ ቴሌፎን 125312 ብምድዋል ሓበሬታ ውሰዱ።
- ቤት ጽሕፈትና (ሚ/ሪ ጥዕና) ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኽፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚ/ሪ ጥዕና

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ሕርሻ ንቤ/ጽሕፈት ዘገልግል መሳርሒታት ቤ/ጽሕፈት (Stationeries) ኣሚራቱ ክዕድግ ስለዝደለየ፡ ንጉዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

ዘድሊ ረቋሒታት
1. ናይ 2013 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ
2. ሰነድ ጨረታ ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ጨንፈር ውጥንን ስታትስቲክስን ምውሳድ ይከኣል።
3. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን15 መዓልታት ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ።
4. ተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጽሪ ቴሌፎን 181042 ብምድዋል ወይ ኣብ ማ/ቤ/ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ቁጽሪ 43 ብኣካል ብምቕራብ ምውካስ ይከኣል።

ሚኒስትሪ ሕርሻ

## ብስራት ንወለዲ

ABC & 1.2.3 Kindergarten & Day care center መውዓሊ ህጻናት፡ ካብቲ ዝነበሮ ቦታ ናብ ጎኒ ክፍሊ ማይ ቦንቤሪ ጎደና ማርያም ግቢ ቁጽሪ ገዛ 45A ሓጎስ ኢንተርናሽናል ወይ ኤንጅል መውዓሊ ህጻናት ዝነበረ ከምዝቐየረ ይሕብር።

ደቅኹም ትምህርቲ ንክቐስሙን ክዘናግዑን ተሞክሮ ብዘለዎም መማህራንን ኣርቲስትን ስእሊ ን ብሙዚቃ ባህልን መዛሙርን ዝምህሩ ክኢላታት ብተወሳኺ ኣዳልዩልኩም ኣሎ።

ከምኡ'ውን ብርትዓዊ ክፍሊት ናይ 2014 – 2015 ዓ.ም ምዝገባ ከምዝጀመረ የበስር።
ቴሌ.07141207/ 07114686/ 07334831/ 202435/ 122363

## ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ሊሎ ትራንፖርት ሰራሕተኛታት ኣወዳዲሩ ክቖጽር ስለዝደለየ፡ ነዚ ኣብ ታሕቲ ሰፊሩ ዘሎ መምዘኒ ነጥብታት ዘማልኡ ደለይቲ ስራሕ ሰነዳቶም ሒዞም ክቐርቡ ይሕብር።

| | | |
|---|---|---|
| 1. | መደብ ስራሕ | 4ይ ደረጃ መራሕ መኪና |
| 2. | ጾታ | ተባዕታይ |
| 3. | ዕድመ | ካብ 35 – 45 ዓመት |
| 4. | ብዝሒ | 1 (ሓደ) |
| 5. | ደረጃ ትምህርቲ | ካብ 6ይ ክፍሊ ንላዕሊ |
| 6. | ልምዲ ስራሕ | ልዕሊ 5 ዓመት ሰርቪስ መኪና (ኣውቶቡስ) ዝሓዘ |
| 7. | ወርሓዊ ደሞዝ | ብናይ ትካልና ስኬል መሰረት |
| 8. | ሃገራዊ ኣገልግሎት | ዝፈጸመ ወይ ዘይምልከቶ |

| | | |
|---|---|---|
| 1. | መደብ ስራሕ | 3ይ ደረጃ መራሕ መኪና |
| 2. | ጾታ | ተባዕታይ |
| 3. | ዕድመ | ካብ 25 – 50 ዓመት |
| 4. | ብዝሒ | 1 (ሓደ) |
| 5. | ደረጃ ትምህርቲ | 6ይ ክፍሊ ዝወደአ |
| 6. | ልምዲ ስራሕ | ልዕሊ 2 ዓመት |
| 7. | ወርሓዊ ደሞዝ | ብናይ ትካልና ስኬል መሰረት |
| 8. | ሃገራዊ ኣገልግሎት | ዝፈጸመ ወይ ዘይምልከቶ |

ተወዳደርቲ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣድላዩ ሰነዳቶም ሒዞም ናብ ቤት ጽሕፈት ሊሎ ትራንስፖርት ጎደና ባዳ 746 ቁጽሪ ገዛ 19 – 23 ከባቢ ኤክስፖ ቴሌፎን 182022 ፖ.ሳ.ቁ 1997 ክመልክቱ ንሕብር።

## ምልክታ

ኣብ ዞባ ማእከል ጎደና ዝባንኩር ቁ/ገዛ 1 ቁ/ፍ/ዋኒን ASL00035730 ዝተመዝገበ ናይ ድኳን ንግዳዊ ትካሎም ንወ/ሮ ሓዳስ ገ/ሚካኤል ብሂያብ ስለዝሃብኩወን ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ'ዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 30 መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤ/ፍ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተረካቢ ከምንመሓላልፎ ነፍልጥ።

ኣቶ ተስፋልደት ኣሚነ

## ሓበሬታ ካብ ቡሉቲን ኮሚተ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ

ኩሉኹም ተመረቕቲ ሕርሻ ሓመልማሎ ዓመተ 2014 ዝኾንኩም፡ ናይ ቡለቲን binding ጸገም ጥራይ ዘለኩም፡ ኣብ ናለት ቤት ማሕተም (NALET PRINTING PRESS) ካብ ዕለት 25/8/2014 ክሳብ 8/9/2014 ኣብ ዘሎ ግዜ ኬድኩም ከተዕርይዎ ከምትኽእሉ ንሕብር።

## ምልክታ

ኣነ ኣልጋነሽ ፋሲል መኒሊክ ዝተብሃልኩ ናይ ናቕፋ ኮርፖረሽን ቁ.449 ዝተመዝገበ ሰርቲፊኬት ስለዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሒዘዮ ወይ ረኺበዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቑ.ስልኪ 07170031 ደዊልኩም ክትሕብሩኒ። ተዘይኮነ መተካእታ ክውሃበኒ ንዝምልከቶ ናቕፋ ኮርፖረሽን ክሓትት ምዃነይ የፍልጥ።

ኣልጋነሽ ፋሲል መኒሊክ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ. ዮናስ ገብራይ ተኸሳሲት ሓትነይ ወ/ሮ ይርጋኣለም ገብራይ ብውርሻ ዝረኸብክዎ ገንዘብን ሽልማትትን ስለዝወሰደትለይ ካብ ዘላቶ ትቕረበለይ ስለዝበለ፣ ተኸሳሲት ወ/ሮ ይርጋኣለም ገብራይ ካብ ዘላቶ ን24/9/14 ትቕረብ። እንተዘይቀረባ ኣብ ዘየላትሉ መስርሕ ዳንነት ከምንካይድ ነፍልጥ።

ተኸሰስቲ ቁ.3 ወ/ሮ ጸሃይቱ ኣጎስቲኖ፣ ቁ.4 ወረ/ነፍ ሃንሱ ኣጎስቲኖ 4.1 ኣድል ጀማል 4.2 ዋህድ ጀማል፣ 4.3 ነዋል ጀማል 4.4 ጀሚል ጀማል 5.ኣቶ ኣርኣያ ኣጎስቲኖ 6.ወ/ሮ ለምለም ኣጎስቲኖ ብኣድራሽኦም መጸዋዕታ ቤ/ፍ ክበጽሖም ስለዘይተኻእለ፣ ን30/9/14 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ኣብ 5ይ መጋባኣያ ቁ.39 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሎም ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ውሳነ ክህብ ምዃኑ ቤ/ፍ የፍልጥ።

ገብረእግዚኣብሄር ተወልደ እልፉ ምባል ተሪፉ፣ ገብረእግዚኣብሄር ተወልደብርሃን እልፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ን24/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወረ/ነፍ ገብረሚኬል ተስፉ ወ/ሮ ኣበባ ገብረሚካኤል ተስፉ ተኸሰስቲ ቁ.1 ርእሶም ገብረሚካኤል ተስፉ 2.ስምረት ገብረሚካኤል ተስፉ ዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሻ ጉዳይ፣ ተኸሰስቲ ብኣድራሽኦም ክርከቡ ስለዘይከኣሉ፣ ን2/10/14 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኣያ ይቕረቡ።

ሃብቶም ተስፉይ ምባል ተሪፉ፣ ሃብቶም ተፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/10/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣበባ ገብረሂወት ኣርኣያ፣ በዓል ቤተይ ኣቶ ምሕረትኣብ ተስፉይ ከበዶም ብዕለት 10/11/2009 ናብ ስራሕ ኢሉ ካብ ገዛ ምስ ወጸ ዝኾነ ደሃይ ስለዘይብለይ ናይ ጥፉእ መረጋገጺ ይወሃበኒ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን10/10/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

መርዓዊ መዲን ፍስሃ፣ ስም ኣደይ መድህን መንግስቱ ምባል ተሪፉ፣ ክብራ እምባየ ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን30/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኣያ ቁ.41ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓዲ ኳላ

ወይ/ውዳሰ ነብይ ሃብቱ፣ ወላዲና ነብይ ሃብቱ ስብሃቱን ወላዲትና ለተንጉስ ገብሩ ወልዱን ስለዝሞቱ፣ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን24/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

ኣቶ ደሳለ ተስፋዝጊ ገብረትንሳኤ፣ ኣደና ወ/ሮ ገብሪኤላ ገብሩ ገብረዝጊ ስለዝሞተት፣ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን1/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ተኾምብያ

ከሳሲት ሃና ገብረሚካኤል ዓንድማርያም ብወኪላ ኣመተ ገብረስላሴ ተወልደመድህን ኣቢላ ምስ ተኸሳሲ ብርሃነ ተስፋማርያም ጀኑ ሰብኣይን ሰበይትን ብሓዳር ዝነበሩ ኮይኖም፣ ኣብ ሓዳሮም ይኹን መነባብርኦም ከሰንዩ ስለዘይከኣሉ፣ ፍትሕ ይፈጸመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን4/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ሻምብቆ

ሃብቶም ሰለሙን ሃይለ፣ ስም ኣደይ ለቱ ተስፋገርግሽ ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፣ ብርክቱ ከሰተ ሃብቱ ተባሂሉ ይተኣረመለ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን30/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓሊግድር

ሙሉጌታ ገብረሚካኤል ባህታ ፣ ወላዲተይ ኣስመረት ፋረ ገብረእየሱስ ስለዝሞተት፣ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/9/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ ጨረታ

1. ብመገዲ NHIS ሚ/ሪ ጥዕና Printing of data collection and reporting tools ኣወዳዲሩ ከሕትም ስለዝደለየ ግዱሳት ተወዳደርቲ ይዕድም።

ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት

- ተወዳደርቲ ናይ 2012 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ከቕርቡ ይግባእ።
- ተወዳደርቲ መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ 2% ናይቲ ዘቕርብዎ ዋጋ ብሲፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ።
- ምልክታ ጨረታ ክሳብ 4/9/2014 ሰዓት ሓሙሽተ ድ/ቀ ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ 5/9/2014 ሰዓት 9፡00 ቅ/ቀ ተሟሪትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ሪ ጥዕና ቁ.36 ይኽፈት።
- ዝርዝር መግለጽን ሓበሬታን ካብ ቤት ጽሕፈት ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ሪ ጥዕና ምውሳድ ይከኣል ወይ ብቁጽሪ ቴሌፎን 125312 ብምድዋል ሓበሬታ ውሰዱ።
- ቤት ጽሕፈትና (ሚ/ሪ ጥዕና) ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚ/ሪ ጥዕና

## ኣገዳሲ ምልክታ

ቤት ጽሕፈት ኣወሃሃዲ ጉባኤ ሓጅን ዑምራን ስዒቡ ዘሎ ምልክታ ንምእመናን ይቕርብ።

ጸሎት ሓጂ ናይ 1435 ሂጅርያ ማለት 2014 ዓ.ም ምዝገባ ካብ ዕለት 25 ሸዋል 1435 ሂጅርያ ማለት 21 ነሓሰ 2014 ዓ.ም ክሳብ 15 ዙልቅዕዳ 1435 ሂጅርያ ማለት 10 መስከረም 2014 ምዃኑ እናሓበረ፣ እዚ ምዝገባ እዚ ተዳልዩ ዘሎ ብዝሒ ሓጃጅ ቅድሚ ተጠቒሱ ዘሎ ዕለት ምስ ዝበጽሕ ጠጠው ክብል ምዃኑ ብተወሳኺ ይሕብር።

ስለዚ ኤርትራዊ መንነትን ዝተሓደሰ ፓስፖርትን ብምሓዝ ኣብ ከተማ ኣስመራ ጎደና ኣፍዓበት ቁጽሪ ገዛ 138 ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈትና ብምምጻእ ብቐልጡፍ ክትምዝገቡ ብኣኽብሮት ይጽውዕ።


ቤ/ጽ ሓጅን ዑምራን
ኣስመራ

ሓዱሽ መጽሓፍ ንተመሃሮ 2ኛ ደረጃ

"Problem Solver of High School Chemistry"

ዘርእስታ ሓዱሽ ናይ Chemistry መጽሓፍ ኣብ ኩሉ ኣብያተ መሸጣ መጻሕፍቲ ተቐሪባትልኩም ኣላ፣ ገዚእኩም ኣንብቡዋ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ: 07151337/07282165




## ምልክታ

ኣነ ንግስቲ ሓድጉ ተስፋይ ዝተብሃልኩ ናይ ናቕፋ ኮርፖረሽን ቁ.2437 ዝተመዝገበ ሰርቲፊኬት ስለዝጠፍኣኒ፣ ብዕዳ ሒዘዮ ወይ ረኺበዮ ዝብል እንተሎ፣ ብቁ.ስልኪ 07178935 ደዊልኩም ክትሕብሩኒ። ተዘይኮይኑ መተካእታ ክውሃበኒ ንዝምልከቶ ናቕፋ ኮርፖረሽን ክሓትት ምዃነይ የፍልጥ።

ንግስቲ ሓድጉ ተስፋይ

## ምልክታ ጨረታ

ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ቴክኖለጅን ባሕሪ ምጽዋዕ ንዘለዋኦ ኮምፒተራትን ፕሪንተራትን ኣየርኮንድሽናትን ሰርቢስን ንሓደ ዓመት ዝጽንሕ ውዕል ክገብር ስለዝደለየ፣ ተወዳደርቲ ንጨረታ ይዕድም።

- ናይ 2013 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ናይ ጽገና ኮምፒተራት ዘለዎ።
- ሳንዱቕ ጨረታ ክሳብ 9 መስከረም ሰዓት 12፡00 ቅ.ቀ ክፉት እዩ። ንጽባሒቱ ተወዳደርቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ዕለት 10 መስከረም ሰዓት 9፡00 ቅ.ቀ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ቁ.257 ይኽፈት።
- ተሟሪትቲ ንመኽበሪ ጨረታ ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕ (15,000.00) ብC.P.O የትሕዙ።
- ሰነድ ጨረታ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ቁ.255 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ከረክቡ ይኽእሉ።
- ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቁ.ስልኪ 08210278 ክትውከሱ ትኽእሉ።
- ኮለጅ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰል ኣለዎ።

## ምልክታ

ኣብ ዞባ ማእከል ጎደና ማእከል ከተማ ፈንቅል ቁ.ገዛ 26 ቁ/ፍ/ዋኒን ASL00036291 ዝተመዝገበ ናይ ስተሽነሪ ንግዳዊ ትካለን ንወ/ሮ ለምለም ተኽለ ክፍለ ብሂያብ ስለዝሃብኩወን ብስም ወሃቢት ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤ/ፍ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተረካቢ ከምነመሓላልፎ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ዓድዋ ወ/ሃይማኖት ተኽለገርጊስ

## ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ሊሎ ትራንስፖርት ሰራሕተኛታት ኣወዳዲሩ ክቖጽር ስለዝደለየ፣ ነዚ ኣብ ታሕቲ ሰፊሩ ዘሎ መምዘኒ ነጥብታት ዘማልኡ ደለይቲ ስራሕ ሰነዳቶም ሒዞም ክቐርቡ ይሕብር።

| | | |
|---|---|---|
| 1. | መደብ ስራሕ | ኢንተርናል ኦዲተር |
| 2. | ጾታ | ኣይፈልን |
| 3. | ዕድመ | ካብ 25 – 45 ዓመት |
| 4. | ብዝሒ | 1 (ሓደ) |
| 5. | ደረጃ ትምህርቲ | ዲፕሎማ ኣካውንቲንግ |
| 6. | ልምዲ ስራሕ | 2 ዓመት ኣብ ኣካውንቲንግ |
| 7. | ወርሓዊ ደሞዝ | ብናይ ትካልና ስኬል መሰረት |
| 8. | ሃገራዊ ኣገልግሎት | ዝፈጸመ/ት ወይ ዘይምልከቶ/ታ |
| 9. | ተወሳኺ ሓበሬታ | ናይ ፒችትሪ ኣካውንቲንግ ክእለት ዘለዎ/ዋ |

| | | |
|---|---|---|
| 1. | መደብ ስራሕ | ሓላፊ መኽዘንን መሸጣን |
| 2. | ጾታ | ኣይፈልን |
| 3. | ዕድመ | ካብ 25 – 45 ዓመት |
| 4. | ብዝሒ | 1 (ሓደ) |
| 5. | ደረጃ ትምህርቲ | 12+2 ብምሕደራ ንብረት ወይ ንግዲ ወይ ተክኒክ |
| 6. | ልምዲ ስራሕ | ልዕሊ 3 ኣብ መኽዘንን መቀያየሪ መካይን ዝሰርሐ/ት |
| 7. | ወርሓዊ ደሞዝ | ብናይ ትካልና ስኬል መሰረት |
| 8. | ሃገራዊ ኣገልግሎት | ዝፈጸመ/ት ወይ ዘይምልከቶ/ታ |
| 9. | ተወሳኺ ሓበሬታ | ናይ ኮምፒተር ክእለት ዘለዎ/ዋ |

| | | |
|---|---|---|
| 1. | መደብ ስራሕ | ጸሓፊት (CLERK) |
| 2. | ጾታ | ኣንስታይ |
| 3. | ዕድመ | ካብ 25 – 45 ዓመት |
| 4. | ብዝሒ | 1 (ሓደ) |
| 5. | ደረጃ ትምህርቲ | 12 ክፍሊ ዝወደኣት |
| 6. | ወርሓዊ ደሞዝ | ብናይ ትካልና ስኬል መሰረት |
| 7. | ሃገራዊ ኣገልግሎት | ዝፈጸመት ወይ ዘይምልከታ |

ተወዳደርቲ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣድላዩ ሰነዳቶም ሒዞም ናብ ቤት ጽሕፈት ሊሎ ትራንስፖርት ጎደና ባዳ 746 ቁጽሪ ገዛ 19 – 23 ከባቢ ኤክስፖ ቴሌፎን ቁጽሪ 182022 ፖ.ሳ.ቁ 1997 ከመልከቱ ንሕብር።

## ምልክታ ጨረታ

ጨ/ትም/ዞባ ጋሽ ባርካ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኣቑርደት፣ ጎኝ፣ ፎርቶ፣ ባረንቱ፣ ሃይኮታ፣ ተሰነይ፣ ጎልጅ፣ ሻምብቆ፣ ላ/ጋሽ፣ ሞልቂ፣ መንሱራ፣ ሎጎ ዓንሰባን ኣብ ማእከላይ ቦታ ሰደቓ ተማሃሮ ከነጸግን ስለዝደለና ግዱሳት ተሟሪትቲ ይዕድም።

ክማልኡ ዝግብኦም

1. ናይ 2013 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ኮፒ የትሕዙ።
2. መኽበሪ ጨረታ 20,000.00 ናቕፋ ብካሽ ወይ C.P.O የትሕዙ።
3. መሟረቲ ፎርም ዝርዝር ሓበሬታ ካብ ቤ/ጽ/ጨ/ትምህርቲ ዞባ ጋሽ ባርካ ይወስዱ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብቁ.ቴሌፎን 731216/ 731042 ተወከሱ።
4. ጊዜ ጨረታ ክሳብ 17/9/2014 መስከረም ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ 18/9/2014 መስከረም 2014 ሰዓት 11፡00 ቅ/ቀ ተሟሪትቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።
5. ቤ/ጽሕፈትና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ በዚ ጨረታ ኣይግደድን'ዩ።

ጨ/ትም/ዞባ ጋሽ ባርካ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ኣዶናይ ፋሲል፡ ኣደይ ወ/ሮ ጸዳል ኣሰፋው ካብ 2002 ጀሚራ ናብ ወጻኢ ሃገር ምስ ከደት ደሃይ ስለዘይብላ፣ ጥፍእቲ ተባሂሉ ይወሰነለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/14 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

መስፍን ተወልደ እልፈ ምባል ተሪፉ፡ መስፍን ተወልደብርሃን እልፈ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን32/10/14 ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣዜብ ተስፋይ በዓል ቤተይ ተኽስተ ተስፋስላሴ ካብ ወርሒ 8/2008 ዓ.ም ጀሚሩ ደሃይ ዝበሃል ስለዘይብለይ ጥፉእ ምዃኑ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/14 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ 4 ኣስመራ

በየነ ግርማይ ኣለማዮ፡ ሓውና ኣቶ መስፍን በላይ ደስታ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ በላይነሽ ካሕሳይ መለስ በዓል ቤተይ ኣቶ ገብረመድህን ተኽለ ተስፋ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽርሃ መሃንሾ ተስፋ በዓል ቤተይ ኣቶ በርሀ ቀለታ ወልደኣብ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁን 3 ተተካእትን ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጻዕዳክርስትያን

ወ/ሮ ኣኽበረት የማነ ግርማይ፡ ኣቦይ የማነ ግርማይ ፍርዙን፡ ኣደና እምባፍራሽ ትካቦ ልጃም ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ከባቢ ከረን 03

ወ/ሮ ሰዓዲያ ዓፋ ኣርበድ በዓል ቤተይ ዑስማን ሓመድ ጅምዕ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓሉ ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ቀላይ በዓልቲት

ከሳሲት መብርሂት ግርማይ ሃንስ ተኸሳሲ በዓል ቤተይ ተስፋሃንስ መንግስቱ ሃይለሚካኤል ምስ 3 ደቀይ 6 ዓመት ጌሩ ጠሊሙኒ ክኣልየኒ ስለዘይከኣለ ተጸዊዑ ክቐርበለይን ጉቡኣይ ሂቡ ክፈትሓንን ስለዝበላ፣ ተኸሳሲ ን17/9/14 ብኣካል ወይ ድማ ብሕጋዊ ወኪልካ ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ እዩ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰንዓፈ

ተኽስተ ፍትዊ ቦኽሩ በዓልቲ ቤተይ ኣምለሰት ዘርኡ ኣባይ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቃ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃነን ይረጋገጸለን ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰርዓ

ወ/ሮ ወይኒ ረዘነ ኣብርሃ በዓል ቤተይ ኣቶ ጻዕዱ ተኽለማርያም ዓ/ብርሃን ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓሉ ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/8/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ኣፍዓበት

ማህጉድ ዓሊ ማህጉድ ምባል ተሪፉ፡ መሓመድ ዓሊ ማህጉድ ተባሂሉ ይተረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ዑስማን መሓመድኑር ማሕሙድ ምባል ተሪፉ፡ ዑስማን መሓምድኑር ማሕሙድ ተባሂሉ ይተረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ሻምብቆ

ኣብርሃም ዑቕቢት ጺጋይ ምባል ተሪፉ፡ ኣብርሃም ተኽላይ ተኪኤ ተባሂሉ ይተረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ ኣስመሮም ገብረማርያም ትሕቲ ዕድመ ጓለይ፡ ሜላዊት መሓሪ ጎይትኦም ምባል ተሪፉ፡ ሜላዊት ሳሚኤል መሓረና ተባሂሉ ይተረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## Notice

Notice is hereby given to the public, that the capital of HAF PLC is raised to 52,321,000 Nakfa sub-divided into 52,321 shares of par value 1000 Nakfa each.

HAF PLC

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that **"Asia cleaning service P.L.C"** is formed between the following shareholders:

**A.**

| S.No | Name | Address | Nationality | Shares |
|---|---|---|---|---|
| 1. | Mrs Hiwet Ghebrezgabiher Menghisu | Asmara | Eritrean | 25 |
| 2. | Miss Meron Teaghes sium | Asmara | Eritrean | 75 |
| | | | **TOTAL =** | **100** |

**B**. The head office of the Company shall be in Asmara and branch offices may be opened in other places of Eritrea and abroad wherever and whenever necessary.

**C.** The business objectives of the company are:-

1. Cleaning service, pesticides, gardening
2. Guarding and security
3. Commission agent, manufacturers representative
4. General trading
5. Travel agency, Ticketing, tour,
6. wedding accesseries and planners
7. Water purification and distribution
8. Real estate Brokerage, facilitation service
9. Wholesale and retail trade
10. Import and Export

D. The company has a share capital of 1,200,000.00 (One Million and two hundred thousand) Nakfa sub-divided into 100 shares of per value of 12,000 Nakfa each. All subscribed and fully paid up by the members in cash.

E. Miss Meron Teaghes is hereby appointed as a manager for unlimited period of time.

F. The Company is formed for unlimited period of time.

**Asia cleaning service P.L.C**

KETINA MINING SC
GPB Global Resources Group

P.O. Box 1084, Warsai st., S.A. Buiding, 501, Asmara, Eritrea
Tel./fax: + 2911 112 440; www.gpb-gr.com; e-mail: asmara@ketina-mining.com

# KETINA MINING Sh. Co VACANCY ANNOUNCEMENT

KETINA MINING Sh. Co. invites qualified applicants for the following positions:

1. Position Title: Exploration Geologist
   Number required : One
   Duty Station: Molki
   Salary: As per Company scale

**Duties and Responsibilities**

- Working in an exploration team to coordinate and undertake field exploration programs including drilling, logging, sampling, and mapping.
- Prepare drill mud and additives compositions and rigorously monitor quality.
- Supervise and organize borehole geophysics, and assist on interpretation as necessary.
- Surface geological mapping and interpretations.
- Assist on cores handling at Asmara and site.

**QualificationsandExperience**

- Education: Degree in Geology.
- Technical skills: good applied understanding of geology and mineral exploration; advanced computer and GPS skills.
- Personal skills: able to work as part of a team in remote conditions.

**Requirments:**

- More than 1 year of exploration experience.
- Excellent interpersonal and communication skills.
- Good level of understanding and abilities across broad range of exploration techniques.

**Languageproficiency:**

- English
- Russian (preferably)

Note – Testimonial to be attached (CV, work experience) copy of national service completion/exemption documents are required. Candidates with previous Mining Company experience are preferable.

Interested applicant should submit their documents to the following address within 7 days of this advertisement. Only short-listed candidates will be contacted for interview.

KETINA MINING SC.
P.O.Box – 1084
Asmara, Eritrea

Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs
P.O.Box 7940, Asmara, Eritrea

## Vacancy Announcement

Orotta Hospital Private Service is looking for fulltime employee, who fulfils the following requirements:-

**Casher**

Position -------------------------------- Cash collector

Qualification -------------------------- 12th Grade complete

Work Experience --------------------- Minimum 1 years as Casher/Cash collector

Number ------------------------------- One

**N.B**

1. Interested applicants who fulfill the above requirements could submit an application attached with their C.V and credentials to the administration office of the private service.
2. Payment will be as per the scale of the private service.
3. Applicants should complete national service or should submit document of exemption.
4. This announcement is invalid after 10 working days.

# ንእሽቶ ኤርትራ ኣብ ሽወደን

በርሀ ኣስፍሃ

ታሪኻት ዝተፈላለየ ሃገራት ዓለም ዝበዝሕ ምስ ውግእን ወረ ውግእን ዝተኣሳሰርኳ እንተኾነ ኢዱስትሪያዊ ሰውራ፡ ካብ ዝኣሱ ክሳብ ዝዓበዩ ምህዞታት፡ ስዑሀንጻ'ውን ንባዕሎም ታሪኽ ኢዮም፣ ታሪኽ ሃገርና ምስ እንርኢ ድማ፡ ታሪኽ መኸተን ዓወትን፡ ታሪኽ ቃልስን ጽንዓትን፡ ታሪኽ መጉተ ሓቅን ምርታዕን ኢሉና፣ ኣንጻር ተኸታተልቲ ገዛእቲ ዝተገብረ መኸተ፡ ንህላዌ ወራርን ምጽወታን ዝተገብረ መኸተ፡ ንባዕሉ ኣብ ታሪኽና ዓቢ ምዕራፍ ዝሓዘ'ዩ፣ ብዑበሰና ክንሓድር ንዑበሮ ቁጠባዊ ቃልሲ፡ ሓድነትና ንምስጣምን መንነትና ንምኽላዕን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንምስግጋርን እኳ፡ ባህላዊ ንጥፈታት'ውን ታሪኽና'ዩ፣ ፌስቲቫል ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ድማ ዝበታት ኩሉ ዘንጸብርቕ ኮይኑ፡ ፌስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሃገራት ስካንዲነቭያ ድማ ሓደ ካብቲ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ዘካይድዎ ዓቢ ናይ ምትእኽኻብ ንግደት'ዩ፣

እቲ ኣብ ስቶክሆልም - ሽወደን ዝካየድ ፌስቲቫል ንሃገራት ሽወደን፡ ደንማርክ፡ ኖርወይን ፊንላንድን ዘጠመረ ኮይኑ፡ ሎሚ ዘበን "ባህርያውን ሰብውን ጸጋታት ኤርትራ ኣብ ህንጸት ሃገር" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ንመበል 16 ግዜኡ ተኻይዱ፣ ኣብቲ ፌስቲቫል ካብ ሃገራት ስካንዲነቭያ፡ ሃገራት ኤውሮጳን ኣመሪካን ዝመጹ ልዕሊ 10 ሽሕ ነጋድያን ተሳቲፎሞ፣

እቲ ብ31 ሓምለ ጀሚሩ ንኣርባዕተ መዓልታት ዝተኻየደ ፌስቲቫል ኣብ 400 ሜትር ትርብዒት ዝተደኰነ ኮይኑ፡ ብጠንቴራታትን ሕብራዊ ሙብራህቲታትን ካልኦን ዝወቀበ፡ ክሳብ 30 ቁሸታት ምምሕዳር ስቶክሆልም፡ ከተማታት ሽወደንን ሃገራት ስካንዲነቭያን ዘጠቓለለ፡ ብዘይካ'ዚ ንሰሚናራት ዓበይቲ ኣደራሻትን ንህጻናት ምፅቡል ማዘናግዒን ዝተዋደደሉ'ዩ፣

ፌስቲቫል ንምድማቕ ኣብ ዝተኻየደ ሰሩ ስርዓት፡ ዜጋታት ኣብ ማእከል ናይቲ ቅርዓት ኣብ ዝተተኸለት ዘንጊ ዓገግም ጥንዴራኦም ብኽብሪ ክሰቕሉ ኣእዳዎም ኣብ ኣፍልቦም ኣንቢሮም ክዝምሩ ክትርእዮም ከሎኻ ኣብ ሃገሮም ዘለዎም ኣኽብሮት የጽረልካ፣





ፌስቲቫል ሃገራት ስካንዲነቭያ ኣብ ምትንታኑ ምምሳጥ፡ ምስትምቓር ኤርትራዊ ባህልን መንነትን ኣበርክቶኡ ቀሊል ከፀዝይኮ ድማ በቲ ኣብ ገጽ ነጋድያን ዝርአ ፍስሃ ብቐሊሉ ክትግንዘቦ ትኽእል፣

ኣብቲ ፌስቲቫል፡ ብኸተማታት ኤርትራ ዝተሰምያ ቁሸት ዞባታትን ከተማታትን ሽወደን ከምኡ'ውን ሃገራት ስካንዲነቭያ፡ ቁሸት ህጻናት፡ ናይ ሃማደኤን መንእሰያት ህግደፍን ስእላዊ ምርኢት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣርእስቲ ሰሚናራትን ርክባትን ኣስተምህሮታትን፡ ምዝንጋዕ መንእሰያት ትሕቲ 18 ዓመትን ልዕሊ 18 ዓመትን ምርኢት ቅዲ ክዳን፡ ባዛር፡ ባህላዊ ጸወታታት ካብ ኤርትራ ብዘኸደት ጉጅለ ኣሰርን ካብ ሽወደን ጉጅለ ባህሊ ኣለናልኪን ዝኣመሰለ መሰናድኣታት ቀሪቡ፣

ነቲ ፌስቲቫል ንምድላው፡ ኣብ ምሽሎም፡ ባህልን ስነጥበብን፡ ቁጠባ፡ ፕሮቶኮል፡ ቀረብ፡ ስዑናን ስእልን ካልኦን ዝሓጥፋ 11 ጉጅለታት ሓይሊ ዕማም ቀይመን ብቐንያቱ ኢደን ከሃጥፋ ጸኒሐን፣

ኣብ ቀጽሪ'ቲ ፌስቲቫል ዝኣተዉ ነጋድያን ተዛፅዖም ይንቀሳቐሱ፡ ፍሱህ መንፈስ'ውን ትርእየሎም፡ ነቲ ዝተዳለወ መሰናድኣታት እናተዘዋወሩ ብኣንክሮ ክዕዘቡን ክይተርፍም ሽበድበድ ክብሉን ክትዕዘብ ከሎኻ ኤርትራዊ ኣብ ዝዘለወ ሃልዩ ሃገሩ ዘፍቅርን ባህሉን መንነቱን ዝዕቅብን ጥሙር ህዝቢ ምዃኑ ይብርሃልካ፣

"ንእሽቶ ኤርትራ ኣብ ሽወደን ርእየያ" ዝበለ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ዝመጸ መንእሰይ ሰለሙን ተስፉዝጊ፡ ኣብቲ ፌስቲቫል ሓድሕድ ምክብባር፡ ሓድነት፡ ባህሊ ሃገር፡ ኣብ መኸተ ጽንዓት፡ ኮታ ኩሉ ሕላገት ህዝቢ ኤርትራ ምርኣዩ እምብዛ ከምዝተማሰጦ ጠቒሱ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሓደ ህርመትን ቅኒትን ናብ ትሰፉው መጻኢ ዝግስግስ ጭዋን ንቑሕን ህዝቢ ምዃኑ ካብ ትዕዝብቱ ዝያዳ ከምዝበርሃሉ ሓቢሩ፣



ኤግዚቢሽን፡ ኣብ ባሕሪን መሬትን ዘለና ጸጋታት፡ ንሓርሮትትትን ጻዕርን ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ሃገርና ዝካየድ ኣካዳሚያዊን ሞያውን ትምህርቲ፡ ብህዝብን መንግስትን ዝተሃንጹ ዲጋታትን ራህያታትን ዝተሰርሐ ዛላታትን ኣብ ምግራብ ዝካየድ ንጥፈታትን ስርሓት ጽርግያታትን ካልኦን ዘጠቓለለ ናይ ቅብኣን ካሜራን ስእልታት ዝሓቖፈ ኮይኑ ንተዓዘብቲ ብኣዳለውቲ ሰፊሕን ንጹርን መብርሂ ተዋሂቡ።









ካብ ሽወደን ወይዘሮ በላይሽ ቀለታ ንስእላዊ ምርኢት ኣመልኪታ ኣብ ዝሃበቶ ርእይቶ፡ "ሃገርና ዳምጋይ ሃጸካ ንምምዕባል ከምኡ'ውን ህዝቢ መጉብርዖኡ ተመሓይሹ መስተርሀ ክርክብ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ዘብርህ ገላጺ ስእሊ ብምዃኑ፡ ካብቲ ዝቐረበ ስእሊ ብዙሕ ክትፈልጥ ከምዝኸኣለት ብምብራህ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኢጋጣሚታት ከምዚ ዝኣመሰለ ኣገዳሲ ስእልታት ክቐርብ ተላቢያ፣

ካብ ኖርወይ ዝመጸት ትግስቲ ክብሮም (ቲጉ) ኣባል ናይቲ ኣብ ኣመሪካ፡ ሃገራት ኤውሮጳ፡ ካናዳ፡ ኣውስትራልያ፡ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ብመርበብ ኢንተርነት ተላልዮም 'ኣይንፈላለ' ብዝብል ስም ዝተጠርነፉ ልዕሊ 30 ኤርትራውያን ዝሓቖፈት ማሕበር'ያ፣ ቅድሚ 4 ዓመታት ኣብ ፌቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ጀርመን ብዓቕሞም ኤርትራውያን ኣብ ምሕጋዝ ተራኺቦም ከምዝዘተዩ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ፌስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ስካንዲነቭያ ብስም 'ኣይንፈላለ' ቁሸት ኣዳልዮም ከምዝጸበዩን ኣብዚ ዓመት'ዚ'ውን ኣብ ፌስቲቫል በሎኛን ስካንዲነቭያን ከምዝተራኸቡ ጠቒሱ፡ ኤርትራውያን ኣብዚ ፌስቲቫል ንምስታፍ ዕረፍቲ ወሲዶም ስራሖም ወዝዒፎም ከምዝመጹ፡ እዚ ድማ ካብ ሃገራዊ ፍቕሪ ዝቕል ምዃኑን ኣብ ያታዊ ውርሻ ዝሰረቱ ስልጡን ባህሊ ኣብ ምዕንባብ ልዑል ድርኺት ከምዘለዎን ብምሕባር፡ "ፌቲቫል ብዘለዎ ረብሓ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ እንተዝኸውን ምመርጸኩ" ኢላ፣

ኣብ ባዛር ካብ ዝቐረበ ብዙሕ ንብረት ኣብ ቀበኦ ማልያ፡ ሽጎማ፡ ሻርጣን ካልእን ንሃገራዊነት፡ ሓድነት፡ ጅግንነት ኤርትራውያን ዝገልጽ ምልክታታት ትርኢ፡ ንኣብነት ኢዮብ ኣብርሃ ዘቕረባ ስእሊ ኤርትራ ደብታት ዝተኸለለ ኤርትራ ዝብል ጽሑፍ ድማ ብኣዕጽምቲ ዝተወረቓ ኮይኑ ኤርትራ ብኣዕጽምቲ ደቃ ዝተጎድቀት ዝመጸ እንተ መጸ ሓይሊ ዝደፍራ ከምዘየለ ንምብራህ ውሽጣ ድማ ልሙዕ ሳዕሪ ኮይኑ ሕድሪ ስዋኣትና ይትግበር ምህላው ንምግላጽ ዘቕረባ ኢያ፣

ካብ ለንደን ዝመጸ ምርኢት ቅዲ ክዳን ዘዳለወ ኤርትራዊ መንእሰይ ዘካርያስ ሰለሙን፡ ምትእኽኻብ ኤርትራውያን ካብ ዝተፈላለየ ሃገራት ኣዝዩ ስለዘምስጦ ናይ ሃገርና ቅዲ ክዳን ብምቕራብ እጃሙ ከበርክት ከምዝመጸ ብምሕባር፡ ዘቕረቦ ምርኢት ስለዘሐጎሶም ዝያዳ ክደፍኣሉ ካብ ተዓዘብቲ ምትብባዕ ከምዝረኸበ ገሊጹ፣

ካልእ መሰናድኦ ናይቲ ፌስቲቫል ሰሚናራት፡ ርክባትን ኣስተምህሮታትን ኮይኑ፡ ካብቲ በጺሑቲ ዝገደሶምን ሃንቀው ዝበልምን ብዝበዝሒ ዝተሳተፍዎን'ዩ ነይሩ፣

ኣብቲ ሰሚናር ኣምባሳደር ፍስሃጼን ጴጥሮስ፡ ህላወ መድረኽ ብመንጽር ምህናጽ ሃገር፡ ተጻብኦን መኸተን ኣብዚ ዝሓለፈ 15 ዓመታት፡ ምዕባለታት ህንጸትን ሃገርን ቁጠባ፡ ዲፕሎማሲያዊን ሽርክነታውን ፖለቲካውን ምዕባለታትን ምሕያል ህግደፍን ኣብ ዝብሉ ሓሙሽተ ኣርእታት ሰፊሕን ብሩህን ሓበሬታታት ሂቡ፣

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ሓላፊ ሕጋዊ ጉዳያት ኣቶ ኣደም ዕስማን፡ ንሕቶ ሰብኣዊ ማሰልን ፍልሰት ደቂ-ሰብን ኣመልኪቱ ኣብ ዘካየዶ ሰሚናር፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ኩናት ዝማረኾም ዓሰርተታት ኣሽሓት ሰራዊት ደርግ ሰብኣዊ መሰል ንምኽባር ናጻ ከምዝለቐቖም፡ እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ሕግን ፍትሒን ካብ ዘለዎ ኣኽብሮት ዝበገስ ምዃኑ፡ ድሕሪ ናጽነት'ውን ብቐልጽሙ ብዘጨበጦ ናጽነት ከይተጸቶተ መሰል ዜጋታቱ ንምሕላው ህዝቢ ረፈረንደም ከካይድ ከምዝፍቀደ፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ናብ ዝነብሩ ዜጋታቱ መሰል ንምሕላው ኣብ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ማይን ካልእን ሓያል ጻዕርታት ከምዝገበረ ድሕሪ ምሕባር፡ ኤርትራ ሹቶ ሚልየንቶም ንምትግባር ብዝካየደቶ ዘይተሓለለ ዕማም ዘመዝገበቶ ዓወት ንካልኦት ሃገራት ኣብነት ኮይና ምህላዋ ኣብሪሁ፣

ካልእ ከይተጠቐሰ ክሓልፍ ዘይብሉ፡ ኣብ ስደት ዘለዉ ኤርትራውያን ህጻናት ደቆም ብባህልን መንነትን ሃገሮም ክሃንጽዎም ንዘጉብርዎ ጻዕሪ እቲ ፌስቲቫል ዘለዎ ኣበርክቶ ቀሊል ዘይምዃኑ'ዩ፣ ኣብቲ ቀጽሪ ንህጻናት ዘዘናግዕ ዝተፈላለየ መሳጢ መሰናድኣታት ስለዝተዳለወ ናብቲ ፌስቲቫል ምስ ስድራ-ቤቶም ዝመጹ ቁጽሪ ህጻናት ብዙሕ'ዩ፣ ኣብቲ ፌስቲቫል ህጻናት ኣብ መድረኽ ደይቦም ብቛንቋኦም ግጥሚ ከቕርቡ፡ ማለ ክብሉን ክደርፉን ምርኣይ ድማ ንተራ ኤርትራውያን ወለዲ ኣብ ምስግጋር ታሪኽን ክብርታትን ዘጸር'ዩ፣

ኣብ ምዝዛም'ቲ ፌስቲቫል ኑታ ብኽብሪ ዝሰቐልዋ ጥንዴራ ብኽብሪ ድሕሪ ምውራድ ብጉጅለ ባህሊ ኣሰር ተዘናጊዖም ኣብ ዝፈላለዩሉ ዝበሩ እዋን ንዓመታ ብሰላም ክራኸቡ ብምምናይ እናተደፋነቑ ተፈላልዮም፣

# ስፖርት

- ሃብቶም ጸጋይ -

## ቸክን ቸልሲን ክፈላለዩ'ዮም ግዲ

ንዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ንልዳት ቸልሲ ብልዑል ብቐዓት ዝተኸላኸለ ሓደ ካብ ብሉጻት ሓለውቲ ልዳት ዓለም ፒተር ቸክ ኣብ ቤቲ ክለቡ ከም ዘፍቅራ ዝገልጻ ለንደናዊት ክለብ ዝፋነወሉ ዕለት ከምዝኣኸለ ሓቢሩ። ንዝሓለፉ ዓመታት ስሙ ምስ ኣብ ዝርዝር ቀዳሞት 11 ተሰለፍቲ ብቐዳምነት ዝርቋሕ ዝነበረ ቸክ ኣብዚ እዋንዚ ቦትኡ ብበልጂ መንእሰይ ኮርቱዋ ተተኪኡ ብምህላዉ፣ ኣብ ቸልሲ ዝጸንሓሉ ምኽንያት ከምዘይብሉ የረድእ። ብሞናኮን ፒኤስጂን ዝህደን ዘሎ ቸክ ዋላ'ኳ ካብታ ብሉጽነቱ ዘመስከረላ ቸልሲ ናይ ምውጻእ መደብ እንተሓበረ ብኣሰልጣኒኡ ሞሪኖን ሓለፍቲ ክለቡን ፍቓድ ከምዝተዋህቦ ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ይሕብራ።

## ህልኽ ኣጕየሮን ሮኾን




ብዙሕ ግዜ ማዕከናት ዜና ተጻወትቲ ካብ ሜዳ ወጻኢ ዝለዓም ጠባያትን ማሕበራዊ ህይወትን ብምፍታሽ ኣብ ተጻወትቲ ኮነ ጋንታታት ህልኽ ንምፍጣር ይህንደዳ እየን። ኣብዚ ግዜዚ ድማ ንምምጻእ ሓደሽ ኣባል ማንቸስተር ዩናይትድ ተኸላኻላይ ማርኮስ ሮኾ ምኽንያት ብምግባር ምስ ወዲ ሃገሩ ኣባል ማንሲቲ ሰርጂዮ ኣጕዌሮ ዘለዎም ቅርሕንቲ የቃልሓ ኣለዋ። ብመሰረት መግለጺ መርበብ ሓበሬታ ደይሊ መይል ዘይምስምማዕ እዞም ክልተ ኣርጀንቲናውያን ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ዝጀመረ ኮይኑ፣ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ሮኾ ምስ ናይ ቀድም ዓርኪ ኣጕዌሮ ዝኾነት ሞዴሊስት ዕርክነት ብምጅማሩ ኢዩ። ሮኾ ነታ ንልዕሊ 3 ዓመታት ምስ ኣጕዌሮ ብፍቕሪ ዝተገዛዘትን ህብብቲ ደምጻዊትን ሞዴሊስትን ኣብ ዝሓለፈ ግጥማት ዋንጫ ዓለም ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ንክትኣቱ ድ ሕ ሪ ምዕዳሙ ካብ ኣጕዌሮ ኣዋሪ ጸርፊ ከምዝዘነቦ ክሱብ ጥምጥም ከም ዝበጽሑን እቲ ሓበሬታ የረድእ።

ከም ኣኾልጻ እቲ መርበብ ሓበሬታ ኣጕዌሮ፣ ሮኾ ንዓርኩ ናብቲ ክፍሊ ክትኣቱ ዝዓደማ ንሱ ንምሕራቕን ንምብጭጫውን ዝተገበረ ከምዝኾነ ብምሕሳብ'ዩ ናብ ጎድ ዘምረሐ። በቲ ኮይኑ በዚ ማዕከናት ዜና እንግሊዝ ንደርቢ ማንቸስተር "ጨው ዝወሰኽ ህልኽ" ክብላ ኣብ ምግላጽ ደርኪበ።

## "ዋንጫ ምዕታር ተኣምር'ዩ" ቫን ጋል




ኣብ ውድድራት ዋንጫ ዓለም 2014 ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ዝብል ክብሪ ዝረኸበ ቫን ጋል ሓዳስ ጋንትኡ ማንቸስተር ዩናይትድ ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ክትወስድ ከምዘይትኽእል ገሊጹ። ንሱ "ዝኾኑት ዓበይቲ ጋንታ ዋንጫ ንምዕታር'ያ ትውዳደር፣ ኣነን ጋንታናን'ውን ካብዚ ዝፈለ ዕላማ የብልናን" ድሕሪ ምባል ኣብዚ ግዜዚ (ኣብ ቀዳማይ ዓሙቱ) ዋንጫ ክዕትር ግን ከም ተኣምር ከምዝሓስቦ ኣረዲኡ።

ቫንጋል፣ "ልክዕ'ዩ ማንቸስተር ማለት ወትሩ ዓወት ማለት'ዩ፣ ግን ኣብዚ ዘመጻእኩ ጋንታ ንምስራሕ'ዩ ስለዚ ጋንታ ንምስራሕ ድማ ግዜን ዓቕልን የድሊ" ክብል የረድእ። ብተወሳኺ ቫን ጋል ማንሲቲን ቸልሲን እተን ዋንጫ ክወስዳ ዝለዓለ ዓቕሚ ዘለወን ክለባት ከምዝኾና ብምግላጽ፣ "ደገፍትና ዝደልዩዎን ዝበሃጉዎን ውጽኢት ክርእዩ'ዮም" ክብል ብርእሰ ተኣማንነት ሓቢሩ።

## ደሃይ ምስግጋር ተጻወትቲ

ማሕጐት ምስግጋር ተጻወትቲ ንኽዛዘም ሸዱሽተ መዓልታት (2 መስከረም'ዩ ዝዕጾ) ኣብ ዝተረፈሉ ኢጋጣሚ ጋንታታት ስመን ምስ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ክጸዋዕ ደርኣ'ዩ። ንገለ ካብ ተጠቀስቲ ንዝምስግጋር ተጻወትቲ ዝምልከት ዜና ምስ እንርኢ፣

• እንግሊዛዊት ክለብ ኣርሰናል ብሰንኪ መጉዳእቲ ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ ኦሊቪየ ጂሩ ኣጥቃዕቲ ንምሸማት ኣብ ዕዳጋ ከም ዝኣተወት ይግለጽ ኣሎ። ኣብ ዓንኬርዓንኬራ መጉዳእቲ በጺሕዎ ዝርከብ ጂሩ ንክንደይ ወሰን ብዙሓዝ ክፍሊት ኣብ ሕቘፉ ዘእተወት ማንዩናይትድ ንብራዚላዊ ኣከፋሓሊ ሉካስ ሰልቫ ካብ ክሩዚሮ ንምግዛእ ኣብ ዝርርብ ከምእትርከብ ይሕበር ኣሎ። ኣብ ማእከልን ድሕሪትን ርኡይ ሃጓፍ ዘለዋ ዩናይትድ ብተወሳኺ ንሆላንዳውያን ተጻወትቲ ዱብሊንደትን ደዮንግ ንምግዛእ ተበጊሶታት ወሲዳ ከምዝኾነ ይግለጽ ኣሎ።

• ብክለባት ኣርሰናል፣ ቸልሲን ማንዩናይትድን ዝህደን ዘሎ ጀርመናዊ ሳሚ ኩዲራ ካብ ማድሪድ ከምዝይወጽእ ዝኣክል ግዜ ካብ ጸወታ ከም ዝጣኩር ዝተፈልጠ ነገር እኳ እንተዘየለ፣ ኣርሰን ቨንገር ንኣጥቃዒ ማንዩናይትድ ዲ ወልቤክ ጠሚቱ ከምዘሎ ይሕበር ኣሎ። ወልቤክ ምስ ምምጻእ ዲ ማርያ ካብ ማንዩናይትድ ክወጽእ ቀጠልያ መብራህቲ ዝተወልዓሉ ኮይኑ፣ ብዚይካ ኣርሰናል ተተንከፍቲ ሳንደርላንድ'ውን ንኩነታቱ ብቐረባ ዝከታተላ ክለባት እየን።

• ኣሰልጣኒ ዶርትመንድ ክሎፕ - ጀርመናዊ ተጻዋታዩ ማርኮ ሮይስ ካብ ጋንትኡ ከምዘይለቅቕ ገሊጹ። ክሎፕ፣ "ሮይስ ኣብዚ ክረምቲ ናብ ዝኾነት ክለብ ከምዘይከይድ ርግጸኛ'የ" ክብል ይገልጽ።

• ንማርዮ ባሎተሊ ናብ ሊቨርፑል ዘፋነወት ኤሲ ሚላን ከም መተካእታ ንሓቪየር ሀርናንደዝ (ቺቻሪቶ) ጠሚታ ከምዘላ መርበብ ሓበሬታ ጋዜጣ ደላ ስፖርት ሓቢሩ።

• ንኣርጀንቲናዊ ኣንኸል ዲ ማርያ ክብረ ኣሰልጣኒኡ ካርሎ ኣንቸሎቲ ሓቢሩ። "ኩዲራ ከም ዲ ማርያ ናይ ምውጻእ ጠለብ የብሉን፣ እዚ ድማ ንዓና ጽቡቕ ዜና'ዩ" ዝበለ ኣንቸሎቲ፣ ኩዲራ ዋላ ውዕሉ ምሕዳስ እንተኣበየ ማድሪድ ክትሸጦ ድሌት ከምዘይብላ ገሊጹ።

• ኤቨርተን ንናይ ቀደም ኣጥቃዓይ ክለባት ባርሳ፣ ኢንተር ሚላንን ቸልስን ዝኾነ ሳሙኤል ኤቶ ከምዝፈረመት ተገሊጹ።

• ንተኸላኻላይ ማት ሃመልስ ንምግዛእ ዝገበርኦ ተበግሶ ዝበርዓን ክለባት ኣርሰናልን ማንቸስተር ዩናይትድን ኣንፈተን ናብ ሞሮካዊ ተኸላኻላይ በናቲያ ብምቕያር ኣብ ህልኽ ከምዝተጸምዳ ደይሊ ስታር ዝተባህለት መርበብ ሓበሬታ ገሊጻ። ኣብ ክለብ ሮማ ዝጻወትን ዝሓለፈ ዓመት ሓደ ካብ ዝበለጹ ተኸላኸልቲ ሰሪኣ ዝኾነን በናቲያ ብክልቲኡ ኣስታት 30 ሚልዮን ፓውንድ ተተሚኑ ኣሎ።




## ብጠባዮም ኣገረምቲ ተጻወትቲ ዓለም

**- ጆይ ባርተን**

ናይ ኣልኮላዊ መስተ ግዙእ ምኻኑ ዝነገረሉ ጆይ ባርተን ኣብ ዘኾዓ ክሉብ ዕግርግር ኣብ ምፍጣር ድሕር ዘይብል ተጻዋታይ'ዩ። ኣብዚ እዋንዚ ምስ ኩፒአር ዝጻወት ባርተን ንተጻወትቲ ኣንጻር ጋንትኡ ምህራምን ምዝላፍን፣ ኣንጻር ብሉጻት ስሙያትን ተጻወትቲ ዓለም ዝቐንዐ ዘለፋታትን ምሰንዛእን ካልእን እቲ ቀንዲ ዘዘውትሮን ሓደ ካብ ኣገርምቲ ተጻወትቲ ዓለም ዘሰምዋን እዩ።

**- ዲያጎ ማራዶና**

ኣርጀንቲናዊ ኮኾብ ተጻዋታይ ዲያጎ ኣርማንዶ ማራዶና ማዕረ'ቲ ኣብ ሜዳ ዘርእዮ ብሉጽ ምንቅስቓስ ካብ ሜዳ ወጻኢ ኣገራምን ሕማቓትን ባህርያት የርኢ'ዩ። ናይ ሓሽሽ ግዙእ ዝኾነ ማራዶና ቀንዲ መተሃላለኺቱ ጋዜጠኛታትን ፓፓራዚ (ደድሕሪ ህቡባት ሰባት ዝኸዱ ሰኣልቲ)ን እዮም።

**- ፖል ጋስኮይን**

እንግሊዝ ካብ ዘፍረየቶም ብሉጻት ተጻወትቲ ኣብ ቅድሚት ዝሰርዕ ጋስኮይን ኣብ ሜዳን ካብ ሜዳ ወጻእን ብዘርእዮም ጠባያት ስሙ ምስ ዝርዝር መህርገርቲ ተጻወትቲ ክሰርዕ ክኢሉ'ዩ። ሓራቕ ጠባይ ዝነበሮ ጋስኮይን ብተደጋጋሚ ግዜ ምስ ተጻወትትን ደያኑን ብምግርጫው ካብ ሜዳ ብቐይሕ ካርድ ዝተባረረሉ ኢጋጣሚታት ውሑድ ኣይኮነን።



## ብታክሲ ተጓዒዛ ዝቐንዓ ሞናኮ!

ንኮኾብ ተጻዋታይ ኽመስ ሮድሪገዝ ናብ ማድሪድ ድሕሪ ምፍናዋ ዓወት ሓሪምዋ ዝቐጸት ፈረንሳዊት ሃብታም ክሉብ ሞናኮ ትማሊ ሰንበት ኣንጻር ናንተስ ንምግጣም ብታክሲ ድሕሪ ምጉዓዝ ዓወት ኣመዝጊባ። ተጻወትቲ ሞናኮ ናብ ስታድዮም ብዙሓር ኣብ ዝጓዓዙሉ እዋን ናይ ጋንትኦም ኣውቶቡስ ምብልሻው ስለዘጋጠማ ብታክሲታት ናብ ሜዳ ከምርሑ ተገዲዶም። ይኹን እምበር እታ ጋንታ ድሕሪ ክልተ ተኸታታሊ ስዕረት፣ ብኮቶ ኮሎምብያዊ ኣጥቃዓይ ራዳመል ፋልካኦ ተሓጊዛ ዓወት ብምምዝጋባ ደገፍታ "ብሩኻት ታክሲ" ክብሉ መሪቖም።

# ስፖርት

ተስፋኣለም ገ/የሃንስ (ኩባ)

## ግጥማት ሓ/ም/ኤ ባሕቲ መስከረም ክጅመር'ዩ

ስፖርታዊ ግጥማት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፥ካብ ባሕቲ መስከረም ክሳብ 25 ጥቅምቲ 2014 ኣብ ከተማ ከረን ክካየድ እዩ።

ኣብቲ ንመበል 12 ግዜኡ ዝካየድ ውድድር፡ 9 ክለባት ማለት ንስሪ፥ ብድሆ፥ መኸተ፥ ሓሬና፥ በረፈር፥ ሽዑላ፥ ክንፊ፥ ማእከል ስልጠናን ዓምበርበበን ክሳተፋ እየን።

ስፖርታዊ ግጥማት ሓ/ም/ኤ ን55 መዓልታት ዝቕጽል ኮይኑ፥ ናይ ሸውዓተ ዓይነታት ስፖርት፥ ኩዕሶ እግሪ ኩዕሶ መርበብ፥ ኩዕሶ ሰኪዐት፥ ባድመንተን፥ ኣትሌቲክስ፥ ያታዊ ስፖርትን ጨሙተ ተኹሲን ውድድራት ከሰላስል እዩ።

ውድድር ባድመንተን ንመጀመርያ ግዜኡ ከም ኣካል ስፖርታዊ ንጥፈታት ሓ/ም/ኤ ዝተኣታተወ ዓይነት ስፖርት ብምዃኑ፥ ብሓፈሻ ብሸውዓተ ዓይነታት ስፖርት ክካየድ ብምዃኑ ካብ ፍሉይነት ናይ ሎሚ ዓመት ተባሂሉ ይግለጽ። ብዘይካ'ዚ ብዘሎ ተሳተፍቲ ክለባት ካብ ሸውዓተ ናብ ትሸዓተ ክብ ኢሉ ቀሪቡ'ሎ። በዚ መሰረት ድሕሪ ናይ 2007 እቲ ዝጸንሐ ተወዳደርቲ ክለባት ካብ ዝበሮ ደረጃ ክዓቢ ከም ዝኽእል ይግመት።

ንስፖርታዊ ደሲፕሊን ተማእዚዙካ ክቱር ፍቕሪ ኣሃዱ ዝፈጥሮ ሓያል ንግሊያኻ ናይ ምቅላስ ወኒ፥ ዓወታትካ ብዘዮጋእ ደረጃ ናይ ምጽንባል ስርዓት፥ ስዕረትካ ብጹጋ ናይ ምቕባልን ንዝተዓወተ ናይ ምኽባርን ባህሪ፥ ልዑል መጠን ናይ ዘይተሰዓርነት መንፈስን ደረጅኡ ዝሓለወ ስፖርታዊ ጨዋትነት ናይ ወትሩ መለለይን ውርሻን ስፖርታዊ ውድድራት ሓ/ም/ኤ እዩም። ስለ ዝኾነ ከኣ መቐጸልታ ኢጋጣሚ ድልዱል መሰረት ፍቕርን ሓድነትን ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኮይኑ የገልግል።

ናይ ሎሚ ዓመት ውድድራት ሓ/ም/ኤ ኣብ ከተማ ከረን ክካየድ እዩ። ከረን ሓንቲ ካብተን ውድድራት ሓ/ም/ኤ ብውዕውዕ መንፈስ ዘእንገደለን ከተማታት ኢያ። እዚ ኸኣ ህዝቢ እታ ከተማ ኣብ ስፖርት ካብ ዘሎዎ ሓለፋ ተገዳስነትን ፍቕርን፥ ንኹሉ ዓይነታት ስፖርት ብዘይምቁራጽ ብቐረባ ብምዕዛብ፥ ደገፍ ብምሃብን ብምትብባዕን ስለ ዝፈልጥ እዩ።

ብዘይካ'ዚ እታ ከተማ እትውንኖ ንስፖርታውያን ዝሰማማዕ ኩነታት ኣየርን ትሕዝቶ ኣመንግስቲን ምስቲ ልዑል ኣሉ ዝተገልጸ ባህሪ ውድድር ተደሚሩ ንስፖርታዊ ውድድራት ሓ/ም/ኤ ከተማ ከረን ወትሩ ተናፋቒ ይገብሮ።

### ኩዕሶ እግሪ

መበል 12 ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ሓ/ም/ኤ ሎሚ ዓመት ፍልይ ብዝበለ ኣገባብ ክካየድ እዩ። ትሸዓተ ክለባት ኣብ ክልተ ምድብ ተመቒለን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምድብ ናይ ዙርያ ግጥማት ምስ ኣካየዳ፥ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምድብ ብዝዋህለሉ ነጥቢ ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ዝወጻ ክለባት ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ብምርኻብ ዝተዓወታ ንዋንጫ ዝተሳዕራ ንደረጃ ክጋጠማ እየን። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ምብዛሕ እተን ክለባት ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ናይ ዙርያ ውድድራት ምኪያድ ዝወስዶ ግዜ ነዊሕ ብምዃኑ፥ ንስም ሊግ ዝኣምሰሉ ዓበይቲ ሃገራዊ ውድድራት፥ እኹል ግዜ ክረኽቡ ተባሂሉ፥ ብመደብ ዝተገበረ ምዃኑ ሓላፊ ስፖርት መ/ሓ/ገ/ሚኒ/ምክልኻል መጀር ተስፋዝጊ ሃብታይ ይገልጽ።

#### ምድባት

ብናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ኣገባብ ንዝካየድ ውድድር ክለባት ብመሰረት ኣቐዲመን ኣብ ኣስመራ ዘውደቓኦ ዕጫ እየን ኣብ ክልተ ምድባት ተኸፋፊለን ውድድራተን ክካይዳ። ስለዚ ኣብ ጉጅለ ሀ ሓሙሽተ ክለባት ኣብ ጉጅለ ለ ድማ ኣርባዕተ ክለባት ተመዲበን ኣለዋ፥ብተወሳኺ ክለባት ናይ ምሉእ ሻምፕዮና መደብ ጸወታ ክሳብ ግጥም ፍጻመ ዝዘርጋሕ ሰዓቱን ዕለቱን ፍሉጥ ዝኾነ ካላንደር ውድድር ወጺኡ ተዓዲልወን ብምህላው ንመደባተን ብ ኣገባብ ክስዕባ ዘኽእለን እዩ።

##### ጉጅለ ሀ

ኣብ ጉጅለ ሀ ተመዲበን ዘለዋ ክለባት ሓሙሽተ እየን፥ መኸተ፥ ሓሬና፥ በረፈር፥ ሽዑላን ማእከል ስልጠናን።

እዛ ጉጅለ ሓቘፋተን ዘለዋ ክለባት ምስ እንርኢ፥ ኣብ 2012 ደቀምሓረ ኣብ ዝተኣንገደ ውድድር ኣብ ግጥም ፍጻመ ተራኺበን ዝነበራ ክለባት መኸተን ሓሬናን ዝሓቖፈት ኮይና ኣላ። እዘን ክለባት ነቲ ናይ ሽዑ ርክበን ዘሐድሳሉ ኢጋጣሚ ኮይኑ ቀሪቡ'ሎ። ብዘይካ'ዚ ኣብቲ ዝተጠቕሰ እዋን ሓንቲ ካብ መሰጥቲ ዝነበራ ክለባት ዝነበረት ክለብ በረፈር ኣባል እዚ ምድብ ብምዃና ንርዝኑት ተወዳደርቲ እዚ ጉጅለ ዘዕቢ ኢጋጣሚ ተባሂሉ ይግለጽ። ሽዑላ ኣብ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ሓ/ም/ኤ ብእተርእዮ ተወዳዳርነት ብፍላይ ኣብ ካልኣይ ዙርያ መለለይኣ እዩ። እዚ ውድድር ዝምረሓሉ ኣገባብ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ብምዃኑ ካብ ፈለማ ደልዲላ ብምቕራብ ፈታኒት ክትከውን ትጸቢት ዝግበረላ እዩ። ማእከል ስልጠና ዋላኳ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ክትሳተፍ እንተዘይጸንሐት ብመንጽር ተወዳደርነት ብተመሳሳሊ መገዲ እትግለጽ ክለብ ኢያ። ሓሬና ሓንቲ ካብቶም ተወዳደርቲ ክለባት ሓይልታት ምክልኻል ኮይና፥ ሎሚ ዓመት ኣብ ዝካየድ ውድድር ብዘየዳ ጎሊሓ ክትርአ ትጸቢት ይግበረላ።

ብሓፈሻ ኣብዚ ምድብ ዝርከባ ክለባት ኣብ ሓፈሻዊ ታሪኽ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ሓ/ም/ኤ ዝጸንሐን ዓወታት ምስ እንርኢ በረፈር ኣብ 2003 ከምኡ ድማ ኣብ 2008 ንዝተኻየዱ ውድድራት ብምዕዋት ክብሪ ሻምፕዮንነት ዝዓተረት ክለብ ኢያ። መኸተ ኣብ ዝጠዘሐ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ሓ/ም/ኤ ኣብ ደረጃ እትብጽሕ ክለብ ኢያ። እዛ ክለብ ኣብ መበል 11 ውድድራት ሻምፕዮን ዝነበረት ብምዃና ክብራ ንምክልኻል ኢያ ናብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ግጥማት ክትኣቱ። ማእከል ስልጠና ኣብ ዝሓለፈ ታሪኻ ብስም ሳዋ እናተጻወዐት ኣብ ናይ 2006 ውድድራት ተዓዊቲ ዝነበረት ክለብ ምዃና ይፍለጥ። ስለዚ ኣብዚ ምድብ ሰለስተ ዕውታት ሻምፕዮን ክለባት ሓ/ም/ኤ ዝርከብ ብምዃኑ ደረጅኡ ዝሓለወ ተወዳደርነት ክረአ ትጸቢት ይግበር።

##### ጉጅለ ለ

ኣብዚ ምድብ ተመዲበን ዝርከባ ክለባት ኣርባዕተ እየን፥ ብድሆ፥ ንስሪ፥ ክንፊን ዓምበርበበን።ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ታሪኽ ውድድር ክለባት ሓ/ም/ኤ ንዝጸንሐን ታሪኽ ምስ እንርኢ፥ክለብ ኩዕሶ እግሪ ብድሆ ክሳብ ሕጂ ኣብ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ሓ/ም/ኤ ብዘመዝገበቶ ዓወታት ብኩብረወሰን ትመርሕ ዘላ ክለብ ኢያ። እዛ ክለብ ኣብ 2001፥2002፥2004፥2005፥2007 ንዝተኻየዱ ውድድራት ተዓዊታትሎም። ብተወሳኺ ወትሩ ኣብ ደረጃ ብምብጻሕ ምስ ዝፍለጣ ክለባት ትሰርዕ። ንስሪ ኣብ ከረን ኣብ ዝተኻየደ ውድድር 2010 ብሓያሎቲን መንእሰያትን ተጻወትቲ ቀረባ ተዓዋቲት ናይቲ ውድድር ዝኾነት ክለብ ኢያ። ክንፊ ብመሰረት ኣብ 2007 ዝነበራ ዓቕሚ ተወዳደርነት ሓንቲ ካብተን ኣብ ሓጺር ግዜ ኣቓልቦ ክስሕባ ከሊን ዝነበራ ክለባት ኢያ። ሎሚ ዓመት ኸኣ ንምድጋም እተካይዶ ምንቅስቓሳት ክውሰና እዩ። ዓምበርበብ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብእተርእዮ ዘላ ተወዳዳሪ ብቕዓት ንውድድራት ሓ/ም/ኤ እናማለኸቶ ትመጽእ ከም ዘላ ትግለጽ። ኣብዚ መድረኽ ናብ ዓወት ንምብጻሕ እተካይዶ ቅልስ ኣቓልቦ ዝስሕብ ኮይኑ'ሎ።

### ኩዕሶ መርበብ

ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ልክዕ ከም ናይ ኩዕሶ እግሪ ክለባት ኣብ ክልተ ምድብ ተኸፊለን እየን ውድድራተን ክሰላስላ። ኣብ ጉጅለ ሀ ክለባት መኸተ፥ ሓሬና፥ በረፈር፥ማእከል ስልጠናን ሽዑላን ተመዲበን ኣለዋ። ኣብ ጉጅለ ለ ድማ ብድሆ፥ ንስሪ፥ ክንፊን ዓምበርበበን ይርከባ። ክለብ በረፈር ኣብዚ ዓይነት ስፖርት ቅድሚ ክልተ ዓመት ተዓዋቲት ምንባራ ይዝከር።

### ኩዕሶ ሰኪዐት

ውድድራት ኩዕሶ ሰኪዐት ኣብ መንጎ ሸሞንተ ክለባት ብዝካየድ ውድድር እዩ ክሰላሰል። ኣብዚ ውድድር ንስሪ ብድሆ መኸተ በረፈር ማእከል ስልጠና ክንፊን ዓምበርበበን ሲታፊኦን ክረጋገጸ ከለዋ ሽዑላ ኣብዚ ዓይነት ስፖርት ኣይክትሳተፍን ኢያ። ቅድሚ ክልተ ዓመታት ዓምበርበበ ናይዚ ዓውዲ ተዓዋቲት ዝነበረት ኢያ።

ውድድራት ባድመንተን፥ ያታዊ ስፖርትን ጨሙተ ተኹሲን ኂኺ እዚ ዝተጠቕሰ ግጥማት ክካየዱ ከለው፥ ኣትሌቲክስ ውድድራት ቀዳማይ ዙርያ ምስ ተዛዘመ ኣብ ኣስመራ ክዋዓር እዩ። ክለብ ሓሬና ኣብ 2012 ብኣትሌቲክስ ተዓዋቲት ዝነበረት ክለብ ክትከውን ከላ ኣብ ያታዊ ስፖርት ድማ ክለብ ዓምበርበብ ዕውትቲ ናይቲ ዓመት ምንባራ ይዝከር።




## ስልጠና ዳኛነት ደቂ ኣንስትዮ ተዛዚሙ

ብሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ተወዳቢ ንሓደ ሰሙን ክወሃብ ዝጸንሐ ናይ ካልኣይ ደረጃ ዳኛነት ስልጠና ኩዕሶ እግሪ ደቂኣንስትዮ ብ26 ነሓሰ ተዛዚሙ። ኣብቲ ኣደራሽ ሃገራዊ ኮሚተ ኦሎምፒክ ኤርትራ ዝተኻየደ ናይ መዛዘሚ ስነስርዓት ሓላፊት ምኽትታል ጉዳያት ደቂ ኣንስትዮ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ወ/ሮ ሚርያም ሃብተማርያም ኣብ ዘቕረበቶ ጸብጻብ እቲ ብኢንስትራክተራት ወሽጢ ዓዲ ብክልሰ ሓሳብን ግብርን ተሰንዩ ዝተዋህበ ስልጠና፥ ኣብቲ ዓውዲ ዝጸንሐ ሕጽረት ክፈትሕ ትጽቢት ከም ዝግበረሉ ገሊጻ፥ ወከልቲ ሰልጠንቲ ሰምሃር በርኸትኣብ ብወገና ኣብ ዘስመዓቶ ቃል እቲ ዝተዋቕሀበን ስልጠና ንዘጸንሐን ድኹት ኣፍልጦ ክብ ዘበለ ምዃኑ ብምምልካት ዘቐስመኦ ሞያ ንምዕባይ ከም ዝጽዕራ ገሊጻ፥ ሰልጠንቲ ዝተዳለወለን ወረቐት ምስክር ካብ ኣደ ፕረዚደንት'ቲ ፌደረሽን ኣቶ ተስፋይ ገ/የሱስ ካብ ኣድ ዋን ጸሓፊ ኮ/ሎሃይለ ገ/ሚካኤልን ክቕበላ እንከለዋ ኣብ መጸኢናብ ቦተኣን ተመሊሰን ነቲ ሞያ ብዮጉብራዊ ስራሕ ከማዕብልኦ መዘኻኸሪ ቀሪቡ። ኣብዚ ንሓደ ሰሙን ዝተዋህበ ስልጠና ካብ ኩለን ዞባታት ሃገር ዝተዋጸኣ 35ደቂ ኣንስትዮ ተሳቲፈን ።

ህ/ርክባት ኮሚሽን ስፖርት



# ሰራዊት ናይጀርያ ስግረ-ዶባዊ መጥቃዕቲ ኣካዪዱ



ሰራዊት ናይጀርያ ኣብ ውሽጢ ካሜሩን ብምእታው ኣንጻር እስላማዊ ዕጡቕ ቦኮ ሓራም ወፍሪ ከም ዝፈጸመ ይግለጽ ኣሎ።

ብመሰረት ጸብጻብ በቢሲ፡ ኣስታት 480 ወተሃደራት ናይጀርያ ንዶብ ካሜሩን ሰጊሮም ኣንጻር ዕጡቓት ቦኮ ሓራም መጥቃዕቲ ከፊቶም። ኣብ "ጋምቦሩ ኤንጋላ" ኣብ ጥቓ ዝተባህለት ንእሽቶ ከተማ ግጭት ይቕጽል ምህላዉ ድማ እቲ ጸብጻብ ሓቢሩ።

ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ናይጀርያ ኣኽራሪ ስርዓት ንምቛም ከም ዝዋጋእ ዘሎ ዝግለጽ ጉጅለ ቦኮ ሓራም፡ ኣብቲ ዝሓዞ ከባቢታት ድሮ "እስላማዊት ሃገር" ከም ዝመስረተ'ዩ ዘፍልጥ።

ሰራዊት ናይጀርያ ብድሩዓት መካይንን ነፈርትን ተሰንዩ ኣንጻር ጉጅለ ቦኮ ሓራም ቀጻሊ ወፍሪ'ኳ እንተካየደ ዛጊት ግን ዝኾነ ምዕባለ ከመዝገብ ከም ዘይከኣለ ምንጭታት'ታ ሃገር የረድኡ።

ጉጅለ ቦኮ ሓራም ንሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ዝፈጸሞ ኩናት፡ ኣብ ናይጀርያ ህይወት ልዕሊ 2 ሽሕ ሰባት ከጥፍእ እንከሎ፡ ኣማኢት ኣሽሓት ድማ ካብ መሬቶም ከም ዝመዛበሉ ይሕብር።

ሰራዊት ናይጀርያ ኣንጻር ቦኮ ሓራም መጥቃዕቲ ከም ዝኸፈተ ኣብ ዝገልጸሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ሰሜናዊ'ታ ሃገር ዝዓለየ ምኽኑ ዝነገረሉ ወተሃደራዊ መዓስከር ኣብ ትሕቲ'ቲ ጉጅለ ምውዳቑ ይግለጽ ኣሎ።

እቲ ጉጅለ እናሓየለ ክመጽእ እንከሎ፡ ሰራዊት ናይጀርያ ግን ውዑያት መሳለጥያታትን ዝኸደሎ ምኽኑ'የም ምንጭታት'ቲ ከባቢ ዝገልጹ። በዚ ድማ ነቲ ተቓዋሚ ጉጅለ ክድምስስ ዓቕሚ ከም ዘይብሉ እዮም ምንጭታት የጽንዑ።

ኣብ ሰሜናዊ ናይጀርያ ርብዒ ሚልዮን ነበርቲ ዘለዉዋ ከተማ ግዎዛ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ቦኮ ሓራም ከም እትርከብ ብዘተወሳኺ ይግለጽ። መራሒ ቦኮ ሓራም ኣቡበከር ሽካው ኣብ ዘመሓላለፎ ናይ ቪድዮ መግለጺ፡ "ከተማ ግዎዛ ክፋል እስላማዊት ሃገር ኮይና'ያ" ኢሉ። ቦኮ ሓራም ምስቲ ኣብ ዒራቕን ሶርያን ንተመሳሳሊ ዕላማ ዝዋጋእ ዘሎ ጉጅለ ምትእስሳር ኣለዎ እንተኾይኑ ዛጊት ዘተኣፃረ ነገር የለን።

# ደቡብ ሱዳን፡ ሄሊኮፕተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወዲቓ ተሓምሺሻ




ኣብ ደቡብ ሱዳን ከባቢ ስትራተጂያዊት ከተማ በንቱ ሓንቲ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሄሊኮፕተር ወዲቓ ከም ዝተሓምሸሸት በቢሲ ኣፍሊጡ።

ዝይተረጋገጹ ምንጭታት ብምጥቃስ በቢሲ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ እታ ኣቕሑ እተመላልስ ክሰብ ሓሙሽተ ዝኣኽሉ ሰራሕተኛታት ዝበኾዋ ዓባይ ሄሊኮፕተር ተወቒዓ ከም ዝወደቐት ገሊጹ ኣሎ።

ሓደ በዓል ስልጣን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንኣገልግሎት ዜና ፈረንሳ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ'ውን፡ እታ ሄሊኮፕተር ተሃሪማ ከም ዝወደቐት'ዩ ዝሕበር።

ሓደ በዓል ስልጣን መንግስቲ ደቡብ ሱዳን፡ እታ ኤም ኣይ-8 ዝዓይነታ ሄሊኮፕተር በቶም ብጦተር ጉዳት ዝምርሑ ዕጡቓት ተቓወምቲ ተወቒዓ ከም ዝወደቐት ከም ዝዘኸሰሰ በቢሲ ብዘተወሳኺ ኣብሪሁ።

በንቱ ርእሰ ከተማ ናይቲ ብሉዳዊ ሃብታም ዝኾነ ዞባ ዩኒቲ ኮይና፡ መንግስቲ ደቡብ ሱዳንን ብሬክ ማሻር ዝምርሑ ዕጡቓት ተቓወምቱን በብእዋኑ ክቈጻጸሩዋ ከም ዝጸንሑ ዝፍለጥ'ዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ድሕሪ ዝተወልዐ ሕድሕዳዊ ግጭት ልዕሊ 1.8 ሚልዮን ደቡብ ሱዳናውያን ካብ ቤት ንብረቶም ተመዛቢሎም ብሕጽረት መግብን መድሃኒትን ይሳቐዩ ከም ዘለዉ ጸብጻባት የመልክቱ።

# መራሕቲ ሩስያን ዩክሬንን ንዝርርብ ይዳለዉ



ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲንን ዩክሬናዊ መዘናኡ ፔትሮ ፖሮሸንኮን ኣብ ቀረባ መዓልታት ተራኺቦም ቀጥታዊ ዝርርብ ከም ዘካይዱ ኣገልግሎት ዜና ሩስያ ኢታርታስ ሓቢሩ።

ክልቲኦም መራሕቲ፡ ነቲ ኣብ መንጎኦም ተኸሲቱ ዘሎ ዘይምቅዳው ንምፍታሕ ኣመልኪቶም ኣብ ሚኒስክ - ቤላሩስ ተራኺቦም ከም ዝዘትዩ እቲ ዜና ኣሕጺሩ።

ዝሓለፈ ሚያዝያ ኣብ ምብራቓዊ ዩክሬን ኩናት ድሕሪ ምውላዑ፡ ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክሬንን ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ወጥሪ ሰፊኑ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ብታንክታትን ድሩዓት መካይንን ዝተሰነየ ሰራዊት ሩስያ ኣብ ዶብት ይተኣኻኸብ ከም ዘሎ ዩክሬን ትኸስስ።

ዩክሬን ብዘተወሳኺ፡ እቶም ኣብ ምብራቓዊ ዩክሬን ዝዋግኡ ዘለዉ ተቓወምቲ ብሩስያ ወተሃደራዊ ሓገዝ ከም ዝግበረሎም ክትከስስ እንከላ፡ ሩስያ ብወገና ነቲ ኣብቲ ዞባ ብሃገራት ምዕራብ ዝግበር ዘሎ ምትእትታው ትቃወም።

ኣብዚ ሰሙን'ዚ ዩክሬን፡ 10 ሩስያውያን ወተሃደራት ከም ዝማረኸት ብወግዒ ትገልጽ። ይኹን'ምበር ሩስያ ነቶም ካብ ዩክሬን ብምፍላይ ምስ ሩስያ ንምሕባር ዝዋግኡ ዘለዉ ዕጡቓት ወተሃደራዊ ሓገዝ ከም ዘይገበረትሎምን ብዩክሬን ዝተማረኹ ወተሃደራት'ውን ከም ዘይብላን'ያ ትገልጽ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ምብራቓዊ ዩክሬን ዞባታት ዶኔትስክን ሉሃንስክን ዝካየድ ዘሎ ኩናት ይቕጽል ምህላዉ ምንጭታት ዜና ሓቢሮም።

እተን ዞባታት ናጽነተን ድሕሪ ምእዋጀን ኣብ ዝሰዓበ ኩናት ልዕሊ 2 ሽሕ ሰባት ከም ዝሞቱ'ዩ ዝነገር። ክልቲአን ዞባታት ምስ ናይ ክሪምያ ዝመሳሰል ሕቶ'የን ዘልዕላ። ዞባ ክሪምያ ዝሓለፈ መጋቢት ካብ ዩክሬን ተፈልያ ምስ ሩስያ ከም ዝተጸንበረት ኣይርሳዕን።

ሩስያ ኣብ ምብራቓዊ ዩክሬን ዝካየድ ዘሎ ኩናት ብህጹጽ ደው ክብል፡ መንግስቲ ዩክሬን ምስ ዕጡቓት ተቓወምቲ ክዘራረብን ትጽውዕ። እንተኾነ ዩክሬን ቅድሚ ዝኾነ ዝርርብ እቶም ዕጡቓት ኣጽዋሮም ክወርዱ'ያ ትጠልብ።

ኣብቲ ኣብ ከተማ ሚኒስክ ኣብ መንጎ መራሕቲ ዩክሬንን ሩስያን ዝካየድ ዝርርብ፡ ላዕለዎት ሰብ ስልጣን ኤውሮጳዊ ሕብረት ክርከቡ ትጽበ ኣሎ።

## ዜና ብሓጺሩ

ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ትሪፖሊ መጥቃዕቲ ዝፈነዋ ነፈርቲ ኩናት፡ ናይ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ምዃነን ጋዜጣ ኒውዮርክ ታይምስ ኣቃሊዓ። እተን ነፈርቲ ዝሓለፈ ሰሙን ክልተ ግዜ መጥቃዕቲ ከም ዝፈነዋን ኣብ ልዕሊ'ቶም ዕጡቓት ከቢድ ጉድኣት ከም ዘውረዳን ንመንግስቲ ግብጺ ዘይተረጋገጹ ምንጭታት ብምጥቃስ እታ ጋዜጣ ሓቢራ። እተን ነፈርቲ መጥቃዕቲ ክኸፍታ እንከለዋ፡ ኣብ ምስሪ ካብ ዝርከብ መዓርፎ ነፈርቲ ከም ዝተበገሳን ብስላም ናብቲ መበገሲአን ከም ዝተመልሳን እቲ ሓበሬታ ኣረዲኡ። ብመሰረት'ቲ ኣብ ኒውዮርክ ታይምስ ዝሰፈረ ሓበሬታ፡ ሰብ ስልጣን ኣመሪካ ብዛዕባ'ቲ ስርሒት ኣቐዲሞም ሓበሬታ ከም ዘይተዋህቦም'የም ዝገልጹ።

***

ብጸዕዳ ፖሊስ ዝተቐትለ ጸሊም ኣመሪካዊ መንእሰይ ማይክል ብራውን ተቐቢሩ። ኣብ ስነስርዓት ቀብሪ ናይቲ መንእሰይ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣመሪካውያን ንግፍዕታት ፖሊስን ኣብታ ሃገር ዘሎ ዓሌታዊ ኣድልዎን ዝቃወም ጭርሖታት ኣስሚዖም።

ነባሪ ከተማ ሰይንት ልዊስ ዝኾነ ወዲ 18 ዓመት ማይክል ብራውን ብሓደ ጸዕዳ ኣባል ፖሊስ ኣመሪካ ደው ክብል ንዝተዋህቦ ትእዛዝ ኣኽቢሩ ኢዱ እናዘበ እንከሎ ብሽዱሽተ ጠያይት ተወቒዑ ከም ዝሞተ'ዩ መሰኻኽር ዝገልጹ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ ፈርጉሰን ኣንጻር'ቲ ኣብ ልዕሊ ጸለምቲ ኣመሪካውያን ዝወርድ ዓሌታዊ ኣድልዎን ቅትለትን ዝቓወም ሰልፊ ዘካይዱ ዘለዉ ጸለምቲ ኣመሪካውያን ብኻልእ ጸዕዳ ፖሊስ ብዘተኸፍተ ተኹሲ ሓደ ካልእ ጸሊም ከም እተቐትለ ይፍለጥ።